
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.8 ቀዳም 9 መስከረም 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 3
ካብ ማህደር ዝኽረታት ሰብ ቀደም


ገጽ 5
ኤርትራ፡ ኣብ መቓን ህሉው ዓለማዊ ስርዓት



ገጽ 7
ኣብ ክዳን እትለግብ ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር


ገጽ 11
ሓሬና ኣይተኻእለትን



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ናይ ኬንያ መገሻኡ ተመሊሱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ኣብ ኬንያ ዝገበሮ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ ሰዓት 10:00 ቅድሚ-ቀትሪ ተመሊሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ 4 መስከረም ጀሚሩ ኣብ ናይሮቢ ኣብ ዝጸንሓለን መዓልትታት፡ ብምትሕብባር ሕብረት ኣፍሪቃን መንግስቲ ኬንያን ኣብ ዝተወደበ - ልዕሊ 20 መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ክምኡ'ውን ናይ ውሑሃን ሕብረት ኣፍሪቃን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባትን ትካላትን ዝተሳተፍዎ 'ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ' ብምስታፍ፡ ንጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኣፍሪቃን ሳዕቤናቱን ከምኡ'ውን መርገጽን ርእይቶን ኤርትራ ኣብ ምምካቱ ዘጸር መደረ ኣስሚዑ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መደረኡ፡ ከቢድ ብደሃይታት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት፡ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ኢዳ ንምእትእትታውን ብልሸው ተግባራትን ባብ ዘርሑ ትካቦ "ለገስቲ" ተቓምት፡ ጸጋታታ ብምጉሳዓስን ብምውህሃድን መደብታ ክተተግብር ተማሕጺኑ።

ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ - ምስ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶን ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ኣህጉራውያን ትካላትን ተዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶን ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝገበርዎ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝቐጸለ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ዘትዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ኣመሓዳሪ ፕሮግራም ልምዓት ውሑሃ. ሚስተር ኣቺም ሽታይነር፡ ምስ ፕረዚደንትን ኣቦመንበር ቦርድ ዳይረክተራትን ኣፍራኤግዚም ባንክ - ዶ/ር በኔዲክት ኦኬን ካልኦትን እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ዑደት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሓቢሩ ተጓዒዙ ነይሩ።

## ኣብ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ፡ ናይ ሓበላ መብጣሕቲ ይካየድ ኣሎ

ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ፡ ምስ ጉጅለ ሓኪይም 'ሂማላያ ካታራክት ፕሮጀክት' ብምትሕብባር፡ ካብ 3 መስከረም ጀሚሩ መብጣሕቲ ሓበላ ዓይኒ ይካየድ ኣሎ።

በቲ መደብ ንኣስታት ሓደ ሽሕ ዜጋታት መብጣሕቲ ክካየድ ወጥን ከምዘሎ ዝሓበረ መዳኻል ዳይረክተር መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ዶ/ር ካሕሳይ ፍስሓጽዮን፡ ኣብ ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜኡ ዝኸውን - ናይ 'ኮርንያ' (ማሳትያት ዓይኒ) ምትኽኻእ ከምዝካየድ እውን ገሊጹ።

ጉድኒ-ጉድኒ እዚ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይንን እቶም ወጻእተኛታት ክኢላታት ሕክምና ዓይንን ተመክሮን ፍልጠትን ናይ ምልውዋጥ መደብ ከምዘሎ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

12 ኣባላት ዝርከብዎ ጉጅለ ሓኪይም 'ሂማላያ ካታራክት ፕሮጀክት' ጠርነፉ ዝመጽእ ኣባል ቦርድ ዳይረክተራት ዶ/ር መንግስ ባይሩ፡ እቲ ጉጅለ ኣብ 2019 ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ኤርትራ ንልዕሊ 1,400 ዜጋታት መብጣሕቲ ከምዘካየደ፣ ኣብዚ ናይ ሕጂ ደግማ - ንኣስታት ሓደ ሽሕ ናይ ሓበላ፣ ንልዕሊ 20 ደግማ ናይ 'ኮርንያ' ምትኽኻእ መብጣሕቲ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

ዶ/ር መንግስ፡ ንዋታዊ ሓገዝ ንዝገበሩሎም ኤርትራውያን ነበርቲ ሰሜን ኣመሪካ ኣመስጊኑ።



## ሓበሬታ

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ብምኽንያት ኣብ ዓምድታትና ዝገበርናዮ ምትዕርራይ፡ ቀዳም እትሕተም ዝነበረት ዓምዲ 'ኣከበ' - ካብ ጽባሕ ጀሚራ ወትሩ ሰንበት ክም እትሕተም ንሕብር።

## ተጋዳላይ ኣብርሃም በራኺ ተሰዊኡ

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ተኣላዪ ሰንከል - ጉዱም ተጋዳላይ ኣብርሃም በራኺ ወልደኪዳን፡ ብ16 መስከረም ኣብ መበል 63 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ኣብርሃም፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዝተቓለሰን ዘገልገለን ሓርበኛ እዩ።

ጉዱም ተጋዳላይ ኣብርሃም በራኺ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ብ17 መስከረም ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን፡ ብምኽንያት ጉዱም ተጋዳላይ ኣብርሃም በራኺ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ካብ ማህደር ዝኽሪታት ሰብ ቀደም

## “ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ተዓሲብካ ምስራሕ ነውሪ'ዩ ዝቆጸር ነይሩ”

### ቃለ-መሕትት

ተስፋኣለም የማነ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣቶ ተስፋይ እስቲፋኖስ (ተስፋይ ሚላኖ) ንኣተዓብየኡን ከኒታት ትምህርቱን ንምትእትታው ጸወታ ኳልፍ ናብ ኣስመራን ከይቅጽል ዝተደልየሉ ምኽንያትን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ኳልፍ ንሱን ካልኦት ኤርትራውያንን ዝመዝገብዎም ዓወታት፡ ብሰራሕ ምኽንያት ንዘተዛወረን ሃገራት ዓለምን ካልእን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ንሎሚ ድማ መቐጸልታ ናይቲ ዕላል ናግሽም ንበሎ - ሰናይ ንባብ።

**ብዘዕባ ኣስመራ ዝበሮ መልክዕን ዝኾን እንታይ ትዝክር?**

ኣስመራ፡ እቶም ኢጣልያውያን ግዙኣቲ ንሓዋሩ ክቕመጡዋ ኢሎም ተመጽዮም ዝሃንደሰዋ ከተማ ብምዃና፡ ኣብቲ እዋን ሓንቲ ካብ'ተን ዝበለጻ ከተማታት ናይዚ ከባቢና ክትከውን ክኢላ ነይራ። ብኸኒታት ኣየራ፡ ጽሬታ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ፡ ልዑል ምህንድስናዊ ጥበብ ዝሓለፎም ህንጻታታን ጉደናታታን ናይ ረሳሕ ፈሳሲን ጽሩይ ማይን ዘመናዊ ስርዓት-መስመራታ፡ ወዘተ. ተማሲጦም ብዙሓት ወጻኣተኛታት በጽሒቲ ይመላለሱዋ ከምዝነበሩ እዝክር። ልዕሊ. ኹሉ ድማ፡ ብሉጻት ኢጣልያውያን ደቀብትን ሓኪይም ስለዝነበሩ፡ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ብሓፈሻ፡ ካብ የመን፡ ስዑዲ-ዓረብን ሕኢ.ዓረብን ድማ ብፍላይ፡ ዝሓሸ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምርካብ ኣለም ብዝበዝሒ ይመላለሱ ነይሮም።

**ብዓል ኢማራት ሽው ኣይማዕበላን ነይሩ ማለት ድዩ?**

ኣይኮነንዶ ክምዕበል፡ ከም ሃገር'ውን ይፍለጥ ኣይነበረን። ኢማራት፡ ኣብ 1971 እዩ ከም ሃገር ቈይሙ። ስለዝኾነ፡ ኣብ 1940ታት፡ 1950ታት ይኹን 1960ታት፡ ደቂ ኢማራት ኣብ ባርኩታት፡ ኣግኢታትን ኣንዱን እየም ዝቕመጡ ነይሮም። እቶም ርኹባት ስብጺጋ ግን ንዑምራ ወይ ንሕጅ ናብ ስዑዲያ ክኸዱ እንከለዉ፡ ኣብኡ ብዘዕባ ኣስመራ ደስ ዘብል ጽቡቕ ወረታት ይሰምዑ ስለዝነበሩ፡ ብኡኡ ተጸልዮም ሕክምና ንምርካብ ናብ ኣስመራ ዓመታዊ ይመላለሱ ነይሮም። ኣስመራ ክኣትዉ ከለዉ፡ ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ዝኾነ ኣዝዩ ዘመናዊ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎታት ይጸንሖም ነይሩ። ኣብቲ እዋን፡ ብዘይ ምግናኑ ብዘይካ በይሩት ንኣስመራ እትውዳደራ ካልእ ከተማ ኣብ ከባቢና ኣይነበረትን። በዚ ከኣ'ዩ 'ምንኣስ ናይ ሎንድራ (ላንደን) ንፓሪስ ማሰልኪ' ተባሂሉ ዝተዘየመላ።

እቲ ልዕሊ. ኩሉ ዝማስጥምን ዝስሕቦምን ዝነበረ፡ ጽሬታ እዩ። ኣብቲ እዋን፡ እቲ ረሳሕ ፈሳሲ ዝሓልፈሉ ብማይ በላ ዝፍለጥ ማስመር፡ ብመንገዲ ሺላጅ ናይ ማካይን መአተዊ ነይሩዎ። 'ቲግራቶ' ዝበሃላ ማካይን ብኡኡ ብታሕቲ ታሕቲ እናኣተዋ፡ ዚ ናይ ምሉእ ኣስመራ ማስመሪት ረሳሕ ፈሳሲ እናፈተሻ ደብኡ ይኹን ርሱሓት ይጸርጋ ነይረን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ እዋን 'ሓኪም ሱሓ' ዝበሃሉ ፍሉያት ሰራሕተኛታት'ውን ነይሮም። እዚኣቶም ብምምሕዳር ከተማ ዝዋፈሩ ኮይኖም፡ እቲ ብማይ በላ ኣብሉ ዝሓልፍ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ንፃዕና ነርቲ ኣስመራ ዘየጉኡ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘኸትሉ ባክተርያታት ከይህልዉዎ ብስሩዕ ምክትታል'ዩ ነይሩ ስርሖም። ነቲ መኽደን ፋኛቴሪታት ብምኽፋት፡ ካብቲ ረሳሕ ፈሳሲ ቅምጥ ወሲዶም ኣብ ቤተ-ፈተነ ይምርምሩዎ ማለት'ዩ። ብሓደኸቲታት ባክቴሪያታት ወይ ሓሳኹ ተበኪሉ እንተ ጸኒሑዎም ከኣ፡ ኣፋውሰ ኣምጺኦም ይንከባከቡ ነይሮም። ከምኡ'ውን ንሽቶታትን ስየታትን ኣስመራ ኣብጨጉራን ካልኦት ሓሳኹን ከይጉብር ተባሂሉ ዓመታዊ ብጸዕዳ ቀለም ይቐብኡ ነይሮም። ኣስመራ፡ በቲ ጥዑም ጨናኣ እውን ብዙሕ በጺሒ'ዩ ዝፈትዋ ነይሩ። ኣብ ዝኾነ ካኸሽሎ ብፍላይ ኣብ'ቶም ስብጺጋ ብዝኾኑ ጸዓዱን ካልኦት ወጻኣተኛታትን ዝውንኑ ቪላታት ከም ኩኽ፡ ካዞማርን ወይዒን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ፍረታትን ኣትክልትን ይትከሉ ስለዝነበሩ፡ እቲ ናታቶም ምኡዝ ጨና ንሽታ ናይታ ከተማ ጥዑም ይገብሮ ነይሩ።

**ኣቃውማኣ ሽ ከመይ ይመስል ነይሩ?**

ኣስመራ ብኢጣልያውያን መሃንድሳት ክትህንደስ እንከላ፡ እቲ ናታ ማስተር-ፕላን ንወሓሉዩት ኢጣልያውያን ግዙኣቲ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ ነይሩ። እቶም መሃንድሳት፡ ናይ ብሉቂ ጽቡቕ መጽናዕቲ ብምክያድ'የም ዛ ከተማ ክሃንጹዋ ክኢሎም። እዛን ሎሚ ኣካል ኣስመራ ኩይነን ዘለዋ ሓሙሽተ ዓዲታት ማለት - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ዓዲ.ሰዘል፡ ገጀረት፡ ጉዳይፍን ቤት-መኻእኑ ኣብቲ እዋን ገጠር'የን ነይረን። ነብርተን ድማ ብማሕረስ መኣብሮኦም ይመርሑ ነይሮም። ክሳብ ማይ-ተመናይ ዘሎ መሬት ከሉ'ዩ ዝሕረስ ነይሩ። እዚ ሎሚ ኣደባባይ እንብሎ፡ ካብ ጸዕዳ ፖሎ እንዳ ኣብሓሸ ንደሓር ዘሎ'ን እውን ይሕረስ'ዩ ነይሩ። ካብ ማይ ጭሁት ክሳብ ዝጠን ሰንቀይን ክሳብ'ዚ ቤት-ትምህርቲ ሳላ እንብሎ ቦታ ገጀረትን ከሉ ናይ ሕርሻ ቦታታት እዩ ነይሩ። ካምፖ-ፖሎን ተራፖሎን እውን ዝሕረስ ቦታታት ብዙሕ ነይሩዎም። መደበር ቃኘው እውን፡ ቅድሚ ኣመሪካውያን መጺኦም ንሱ ምሓዞም፡ ጥልያን ዝግልገሉ ናይ ሎጂስቲክ መደበር'ዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ግን ከሉ'ዩ ዝሕረስ ነይሩ። ክሳብ ጸጸራት - መቓብር ጥልያንን መቓብር ሓርበኛታትን ብምሉኡ ተሓራሳይ መሬት'ዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣስመራ ክሳብ 1960 ኣይሰፍሐትን ነይራ።

ኣስመራ፡ ኣብ 1939፡ ካብ'ቶም 98 ሽሕ ነበርታ እቶም 53 ሽሕ ኢጣልያውያን እየም ነይሮም። ኣዚያ ዓሌታዊት ከተማ ድማ'ያ ነይራ። እዚ ካብ 1960ታት ክሳብ መጀመርታ 1990ታት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝበረ 'ኣፓርታይድ' ዝበሃል ዓሌታዊ ምሕደራ፡ ብመሰረቱ ኣቐዲሙ ኣብ ኤርትራ እዩ ነይሩ። ካብ ከባቢ. 1917 ኣትሒዙ ክሳብ 1941 ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣስመራ ድማ ብፍላይ ሕሱም ዓሌታዊ ምሕደራ'ዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ ጻዕዳን ወደብትን ጽታዊ ርክብ ምፍጻም ክልኩልን ብሕጊ ዘቐጽዕ ከቢድ ገበንን እዩ ነይሩ። ብሬደዮ፡ ጋዜጣን መጽሔትን ከይተረፈ፡ "ካብ ጸለምቲ ዝውለዱ ቁልዑ ከሉም ጥዑያት ኣይኮኑን። ዝተጠዋወየ ኣካላት፡ ቶማም ገጽ፡ እግሪን ኢድን ዘይብሎም፡ ኣብ ጉንዲ እዝኖም ወይ ኣብ ማእከል ግንባሮም ሓንቲ ዓይኒ ዘለዎም ኮይኖም ስለዝውለዱ ተጠንቀቑ" እናተባህለ ብደረጃ መንግስቲ ጉስጓስ ይካየድ ነይሩ።

ከዓትና ከምእንፈልጦ፡ እዚ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ኣብቲ እዋን ካምፖ-ትሪንቼታቶ እዩ ዝበሃል ነይሩ። ትርጉሙ ድማ፡ ብሓጹር ዝተኸለለ ከተማ ማለት'ዩ። ደቀ-ባት ኤርትራውያን ዘይኣትውዎ ክልኩል ድማ'ዩ ነይሩ። ዋላ እቲ 'ማርቻፒዲ' ኢልና እንጽውዖ መንገዲ-እጋር እውን እንተኾነ፡ ናይ ጸለምትን ጸዓዱን ተባሂሉ ይፈላለ ነይሩ። ኣብ መጉዓዝያ ብፍላይ ኣብ ኣውቶብሳት ከተማ እንተርኢና'ውን፡ ጸዓዱን ደቀባትን ኮፍ ዝብልሉ ቦታ ጠበይቱ እዩ ነይሩ። እቶም ጸዓዱ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ክብሉ እንከለዉ፡ እቶም ጸለምቲ ደቀባት ግን ኣብቲ ድሕሪት ኮፍ ይብሉ ነይሮም። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ እቲ ደቀባት ኮፍ ዝብልሉ ሰፍራ ጋቢና ዓይነት ኩይኑ፡ ምስ'ቶም ጸዓዱ ከይራኸቡ ዝኽልክሎም ሪተ ነይሩዎ።

**ነቲ ዓሌታዊ ሕጊ ዝቃወሙ ደቀባት መቐጻዕቶም እንታይ ነይሩ?**

ኣብቲ ፈለማ ማእሰርቲን ካልእ ዝተፈላለየ መቐጻዕቲን'ዩ ዝወሃቦም ነይሩ። ደሓር ግን እቲ መቐጻዕቲ እናተረረ ከይዱ፡ ክሳብ ቅትለት'ውን በጺሑ ነይሩ። ኣዝዩ ሕማቕ'ዩ ነይሩ። ደቀባት ንዓሌታዊ ምሕደራ ኣስመራ ጥራይ ኣይኮኑን ዝቃወሙ ነይሮም። እንተላይ ነቲ ዕቑርና'ውን ይቃወሙዎ ነይሮም። ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ብድሌቶም ተኸቲሎም ዓቕሚ ጥልያን ዝኾኑ ዝመስሎ ብዙሕ ሰብ ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን። መብዝሕትኦም ብሓይሊ እናተወሰዱ'የም ዓቕሚ ጥልያን ዝኾኑ ነይሮም። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ እዋን ዝሕረስ መሬት እንከሎ፡ ርስቲ ወይ ህድሞ እንከሎ፡ ጸምዲ ኣብዑር እንከለወካ ኣብ ትሕቲ ሰብ ወይ ኣብ ትሕቲ ባዕዲ ተዓሲብካ ምስራሕ ከም ነውሪን ውርደትን ይቖጸር ስለዝነበረ፡ ነቲ ዕቑርና ይደልዩዎ ኣይነበሩን።

**ብኸመይ ደኣ ደቀባት ኣብ ህንጸት ኣስመራን ካልኦት ትሕተ-ቅርጺታትን ይዋፈሩ ነይሮም?**

ነቲ ዕቑርና ጥራይ ኣይኮኑን ዝሕሰሙዎ ነይሮም። እንተላይ ነቲ ኣብ ትሕቲ ኢጣልያውያን መሃንድሳት ኩይንካ ህንጻታት፡ ጽርግያታት፡ ቢንቶታት፡ መንገዲ-ባቡርን ካልእን ምስራሕ'ውን ዝጸልኡ ይቕበሉዎ ኣይነበሩን። ስለዝኾነ፡ ኣብ ህንጸት ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታት ተዋፊሮም ዝነበሩ ሸቃሎ፡ ዳርጋ እቶም ዝበዝሑ ካብ ሰሜን ዶብን ሰሜን ባሕርን ዝመጹ ጓኖት'የም ነይሮም ክበሃል ይከኣል። እዚ ግን ኤርትራውያን ንሸቐለት ናብ ከተማ ይኣትዉ ኣይነበሩን ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ ንሸቐለት ወይ ንዕቑርና ኢሎም ካብ ገጠራት ናብ ከተማ ዝመጹ ዝነበሩ ኣዝዮም ውሑዳት ኮይኖም፡ ዝርከብዎ'ውን ኣብ ከባቢ.'ቲ ከተማ ዝነበሩ ዝነበሩ እየም። እምበር፡ ካብ ርሑቕ ገጠራት መጺኦ ናብ ከተማ ዝኣቱ ዋኒኑ ዳርጋ ኣይነበረን። ንኣብነት፡ ጽርግያ ባጽዕ - ኣስመራ ክህነጽ እንከሎ፡ ኢጣልያውያን ግዙኣቲ እናተገርሁ እሺ ኢሎም ዝሸቅሉሎም እኹላት ደቀባት ሰራሕተኛታት ስለዘይሰኣኑ፡ ካብ የመን 4 ሽሕ ሸቃሎ ከምጽኡ ተገዲዶም። ማእርሒ ህንጸት ናይቲ ጽርግያ፡ ውሑዳት ደቀባት ኤርትራውያን ተሳቲፎም'ኳ እንተኾኑ፡ ብዝበዝሒ ዝተሳተፉዎ ግን የመናውያን እየም ነይሮም።

**ካምፖ-ትሪንቼታቶ ካበይ ናበይ'ዩ ዝዝርጋሕ ነይሩ?**

ካምፖ-ትሪንቼታቶ፡ ካብቲ ኣልበርጎ ኢታልያ (ክረን ሆቴል) ኣትሒዙካ ክሳብ ባር ትረስቴሉ፡ ካብኡ ብጸዕዳ ፖሎ እንዳ ኣቡሓሸ (ድሒሩ ዝተሰርሐ ህንጻ'ዩ) ኣብልካ ናብ ቦውሊን፡ ባር ካቨርን (ኣብ ፊት እዚ ሎሚ ናይ ኣፈሸ-ቴክሲ ኩይኑ ዘሎ ህንጻ ዝነበረ'ዩ) ሞኖፖልዮን (ፋብሪካ ሽጋራ) ኣብሉ ናብ ባር ቶሪኖ፡ ካብኡ ቀጺሉ ብቪያ-ጋሪባልድ (ሲነማ ክሮቸ ሮሳ) ኣብሉ ናብ ሹዳ ወሪዱ፡ ብበምባሪ ወይ ማርያም ግምቢ ኣብሉ ተጠውዩ ክሳብ'ዚ ሎሚ ቤት-ጽሕፈት ቆንስላዊ ጉዳያት ኩይኑ ዘሎ ይበጽሕ። ካብኡ ቀጺሉ ናብ ኮንሱላቶ ጥልያን (ኢሚግረሽን) ደዪቡ ናብ ኮማንዶ-ትሩፖ (ቤት-መንግስቲ)፡ ካብኡ ድማ ናብ ኣልበርጎ ኢታልያ ይሕወስ። እዚ ዝጠቐስናዮ ማስመር፡ ደቀባት ከይኣትውዎ ተባሂሉ ዝተኸለለ ሰፍራ ጸዓዱ'ዩ ነይሩ። ኣብኡ ዝኣትዉ ዝነበሩ ደቀ-ባት፡ እቶም ፍሉይ ፍቓድ ዘለዎም ኣገልገልቲ ናይ'ቶም ጸዓዱ ጥራሕ እየም።

**ኣቃውማ ናይቲ ሕብረተሰብ ከ ከመይ ይመስል ነይሩ?**

ኣስመራ ከተስፋሕፍሕ ምስ ጀመረት፡ ተቐማጦኣ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ኮማት ዝተኸፋፈሉ እየም ነይሮም። እቶም ቀዳማይ ደርቢ. ዝበሃሉ፡ እዛም ኣብ ውሽጢ. ካምፖ-ትሪንቼታቶ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኢጣልያውያን ኮይኖም፡ ብካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ካቴድራል ዝተማእከሉ ሓደ ኮም እየም ነይሮም።

እቲ ካልኣይ ደርቢ. ዝበሃል፡ እዚ ብጦዛዚሻ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ ዝበረ - ብወንጌላዊት ቤተ-ክርስትያን ዝተማእከለ ናይ ደቀባት ኮም እዩ። እዛም 'ወንጌላውያን' ዝበሃሉ ኣብ ኣምኩሉን በሰዎን ዝበሩ ሚሽዮናውያን፡ ኣብቲ ቦታ ቤተ-ክርስትያንን ቤት-ትምህርቲን ምስ ደኮኑ፡ ናይቲ እምነት ሰዓብቲ ደቀባት ከኣ ናብኡ ብምውሓዝ ኮም ፈጢሮም። ብኣ'ቲ ዝረኸብዎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ድማ፡ እቶም ቀዳሞት ንቑሓት ዝጥረዩ ደቀባት ክኾኑ ክኢሎም። በዚ. ምኽንያት፡ ምሁራትን ዲሲፕሊን ዘለዎምን ተባሂሎም፡ እንተላይ ኣብዞን ምልክት ቋንቋ እንግሊዝ ዝሓታ ኣብ ኤርትራ ዝበሩ ዝተፈላለያ ናይ ጸዓዱ ትካላት (ቡሱ፡ ጀላትሊ፡ ሚሸልኮትስ፡ ወዘተ)፡ መንግስታውያን ኣብያተ-ፍርዲ፡ ኣብያተ-ትምህርትን ካልኦትን ብደሞዝ ተቖጺሮም ክሰርሑ ዕድል ስለዝረኸቡ፡ ደድሕሪ'ቶም ኢጣልያውያን ካልኣይ ዝበለጸ ቁጠባዊ መኣብር ክሀሉዎም ክኢሉ።

እቲ ሳልሳይ ደርቢ. እንበሎ፡ እቲ ናይ ካቶሊክ ማሕበረ-ኮም እዩ። እዚኣቶም፡ ቦታ ኣብ ከባቢ. ሹቕ እትርከብ ቤተ-ክርስትያን ኪዳነምህረትን ቤት-ትምህርቲ ኪዳነምህረትን ዝተማእከሉ ኮይኖም፡ ዝምድናኦም ምስ ኢጣልያውያን ሚሽዮናውያን እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ሃይማኖት ኣብ ኤርትራ ዘስፋሕፍሕዎ ኢጣልያውያን ስለዝኾኑ። እዚኣቶም፡ በቲ ካብ ጥልያን ዝረኸብዎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ተሓጊዞም፡ ኣብቲ ዝበዝሐ ናይ ጥልያን ትካላት ይሰርሑ ነይሮም። ንኣብነት፡ ኣብዚ ከተማ ከም በዓል ጣኾ ዲሮሜ፡ ጣኾ ዲናፖሊ፡ ጣኾ ዲሲቪሊያ ዝበሃላ ምዕቡላት ጣኾታት ነይረን። እቶም ዝበዝሑ ደቀባት ሰራሕተኛታተን፡ እዛም ትምህርቲ ጥልያን ዝፈልጡ ሰዓብቲ ካቶሊክ ምንባሮም እዝክር። ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝሰርሑ ዝበሩ መብዝሕትኦም ንሳቶም እየም።

እቲ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ዝስራዕ ደርቢ፡ ንሰዓብቲ እምነት ምስልምና ዝጠርነፉ ኣብ ኣኽርያ ዝበረ ብመስጊድ ዝተማእከለ ኮም እዩ። እዚ ኮም'ዚ፡ እንተላይ ነቶም ቀዳሞት ኣብ ኣስመራ ኮም ዝመስረቱ ኣዕራብ የመናውያን ዝሓቍፍ እዩ። እዛም የመናውያን እዚኣቶም፡ ንጽርግያ ባጽዕ - ኣስመራ ክሃንጹ ኢሎም ባሕሪ ተሳጊሮም ምስ መጽኡ ናብ ሃገሮም ከይተመልሱ ኣብዚ. ዝተረፉ ኮይኖም፡ ኣብ ኣኽርያ ናቶም ኮም ብምፍጣር፡ መስጊድ ሰሪሖም ቁርኣን ነምሃሩ ምስ ጀመሩ፡ እቶም ኣመንቲ ምስልምና ዝኾኑ ደቀባት ከኣ ክስዕብዎም ጀሚሮም። ኣኽርያ፡ ብኽልተ ዝተፈናፈጸ ቃላት ትግርኛን ዓረብን ዝቖመ ስም ኮይኑ፡ 'ኣኽር እያ' ማለት እዩ። እዚ. ኸኣ፡ 'ናይ መጨረሻ ወይ መወዳእታ' እዩ ዘስምዕ። እዛም ኣብ ኣኽርያ ዝቖሸቱ ማሕበረ-ኮም፡ ዝበዝሑ ኣብ ንጥፈታት ንግዲ ዝተዋፈሩ ኮይኖም፡ ደሓን ዝኾነ ቁጠባዊ ሓይሊ. ዝበሮም እየም። ኣብቲ እዋን፡ ናይ ትራንስፖርት ሕጽረታት ስለዝነበረ፡ ኣብዚ. ዓዲ. ቡቶም የመናውያን ዝውናና ብፊረስ ዝወጠጣ ሰረ-ገላታት ብዝበዝሒ. ነይረን። ጀበሊ. ወይ ረፋዓት ኢና ንብሎም ነይርና። ኣብ ብዙሕ ኩርናዓት ኣስመራ ዝተፈላለየ ድኳናት እናኸፈቱ ኑቲ ንግዳዊ ንጥፈታቶም እናስፋሕፍሑ ከይዶም። ንኣብነት፡ ደቂ ሓድርሞት፡ እቶም ዝዓበዩ የመናውያን ነጋዶ ናይ ኣስመራ እየም ነይሮም። 'ባ' ዝብል ስም ዝበሮም ከሎም ደቂ ሓድርሞት ኮይኖም፡ ኣቡሓሸ (ኣሕመድ ዐብድ ብሓሸ)፡ ኣቡ-ሙሽሙሽ፡ ኣቡ-ሽሽብን ኣብሱራን ገለ ካብኦቶም እየም። ሓደ ዓሌት እየም። እዚኦቶም ንኣስመራ ምንጪ. ቁጠባዊ ሓይሊ. ኮይኖማ ዝበሩ እየም።



እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ ዝሕዝ ደርቢ፡ ዛም ሰዓብቲ እምነት ተዋህዶ ዝኾኑ ዝጥርነፉ ኮም እዩ። እዚኣቶም፡ ደቀባትን ካብ ሰሜን ዶብ ዝመጹ ኢትዮጵያውያንን ኮይኖም፡ ብቤተ-ክርስትያን እንዳ-ማርያም ተማእኪሎም ኣብ ኣቡ-ሻውል ዝቕመጡ ዝበሩ እየም። ምስ ግዜ ከኣ ካብ ኣቡ-ሻውል ናብ ሓድሽ ዓዲ፡ ገዛ-ብርሃኑ፡ ዕዳጋ-ዓርቢ.ን ካልኦት ቦታታትን እናስፋሕፍሑ መጺኦም። እዚኣቶም ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸቡ ኮይኖም፡ እቲ ናይ ሃይማኖት መጽሓፍቶም'ውን ብግእዝ ዝተጻሕፈ ደኣ'ምበር ናብ ትግርኛ ዝተተርጎመ ስለዘይነበረ፡ በዚ. ምኽንያት ደረጃ ንቕሓቶም ለጠቕ ዝበለ'ዩ ነይሩ። ስለዝኾኑ ዝበዝሑ ኣብ ዕቑርናን ጉልበታዊ ሸቕለትን ዝተዋፈሩ'የም ነይሮም። ብእኡ መጠን ከኣ፡ እቲ ቁጠባዊ ትሕዝቶኦም ኣዝዩ ትሑት ነይሩ።

ብዘይካ'ዞም ሓሙሽተ ኮማት፡ ካብ ርሑቕ ሰጋር ባሕሪ ዝመጹ ካልኦት ወጻኣተኛታት ማለት፡ ኣይሁዳውያን፡ ህንዳውያን፡ ሶርያውያን፡ ግብጻውያን፡ ግሪኻውያን፡ ኣርመናውያን፡ ሶማላውያንን ካልኦትን እውን ነይሮም እየም። እዚኣቶም ንዊሕ ዓመታት ኣብ ኣስመራ ዝተቐመጡ ኮይኖም፡ ኣብዚ. ዝተወልዱን ዝተዋለዱን እውን ኣለዉ'ዮም። ንኣብነት፡ እዛም ሎሚ ኣብ ኣስመራ እንዳ-ኮታሪ እንብሎም፡ ካብ ህንዳውያን ሰድራ-ቤታት ዝተወልዱ እየም። ወሃንቲ ዓበይቲ ትካላት ዝበሩ እንዳ-ካዝዘ፡ እንዳ-ኣሮን፡ እንዳ-መንሱር፡ እንዳ-ሞረስ ዝበሃሉ ድማ ካብ ኣይሁዳውያን ዝተወልዱ እየም። ኣብ ባጽዕ'ውን እንዳ ህንዲ. ዝበሃሉ ህንዳውያን፡ እንዳ-ሻም ዝበሃሉ ሶርያውያን፡ እንዳ ኩርድ ዝበሃሉ ኩርዳውያን ኣለዉ። ብዙሓት ካብዚኦቶም፡ ኣብ ፖለቲካውን ብራታዊን ቃልሲ. ናይ ኤርትራ ልዑል እጃም ከበርክቱ ዝኸኣሉ እየም። ኣብ ምምስራት ምንቅስቓስ ማሕበር ሸውዓተ (ሓራካ)፡ ኣብ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ ተራ ዝበሮም ብዙሓት ነይሮም።

**ይቕጽል**



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ዓንደመስቀል በርሀ/ ፊልማዊት መዓሾ

## ልምዓት ስርናይ ኣብ ሃገርና



*ገነት ገብረእግዚኣብሄር*

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንምብዛሕ ዘርኢ ስርናይ ሓደ ካብ ቀዳምነታት ጌሩ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን። ምሩጻት ዓሌታት ዘርኢ ስርናይ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ፈተነታት ድሕሪ ምግባር፡ ብቑዓት ዝኾኑ መምዩ ብመገዲ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቢሉ ንኣብነታውያን ሓረስቶት ዘርኢ እናዓደለ የባዝሕ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ፡ ነዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ዓይነት እኽሊ ዝምልከት ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊት ኣሃዱ ምምዕባል ዘርኢ፡ ክኢላ ስነ-ብቑሊ ገነት ገብረእግዚኣብሄር፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታ ስርናይን ኩነታት ስርናይ ኣብ ሃገርና ከመይ ይመስልን ዝብል ትሕዝቶ መብርሂ ክትህበና ተወኪስናያ ኣሎና።

*** ክንደይ ዓይነታት ስርናይ እዮም ዘለዉ?**

- ብሓፈሻ ዓይነታት ስርናይ ብዘለዎም መዓላን ካልእ ተወሳኺ ረቛሒታትን ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። እቲ ሓደ 'soft wheat' 'Triticum aestivum' ዝብል ስነ-ፍልጠታዊ መጸውዒ ዝፍለጥ ኰይኑ፡ ንመዓላ ባኒ፡ ሕምባሻ ዝውዕል ክኸውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ድማ 'hard wheat' ድሮም ስርናይ ወይ 'Triticum turgidum Var Durum' ብዝብል ስነ-ፍልጠታዊ ስያመ ዝፍለጥ እዩ፣ እዚ ዓይነት ስርናይ ንመስርሒ ፓስታ ማኮሮኒ፡ ስፓጌትን ካልእን ዝውዕል እዩ።

*** ስርናይ ብኣገዳስነቱ፡ ብደረጃ ዓለምን ሃገርናን ኣብ ከመይ ደረጃ ተሰሪዑ ንረኽቦ?**

- ብደረጃ ዓለም፡ ስርናይ ብኣገዳስነቱ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ንረኽቦ። ኣብ ሃገርና'ውን ብተመሳሳሊ ንመሸላን ብልቱግን ስዒቡ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ይስራዕ። ብተወሳኺ ኣብ ሃገርና ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ዝዝራእ መሬት፡ 40,857 ሄክታር ይሸፍን።

*** ስርናይ ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ዝበለጸ ዝፈሪ?**

- ብቑሊ ስርናይ ናይ ዛሕሊ ብቑሊ ኰይኑ፡ ኣብ ከበሳን ሓውሲ ከበሳን ብዝበለጸ ይፈሪ። ኣብ ሃገርና ብሰፊሑ ኣብ ዞባታት ማእከልን ደቡብን ክበቁል ከሎ፣ ብኸፊል ድማ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽ ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ይዝራእ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሃገርና፡ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 274 ክሳዕ 422 ሚሊ ሜተር መጠን ዝናብ ዝዘንበሉ ቦታታት ጽቡቕ ይፈሪ። ብዝበለጸ ዝሰማምዖ ዓይነት ሓመድ ከኣ ሓውሲ ዱኻን ዋላኻን ኰይኑ፡ ጽቡቕ ጽንፋፈ ማይ ዘለዎ ይመርጽ። ማይ ዝድቅሶ ወይ ጀቕጀቕ መሬት ብፍጹም ኣይሰማምዖን እዩ።

*** መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘርኢ ስርናይ ከመይ ይመስል?**

- ስርናይ ብመኣዛዊ ትሕዝቶኡ ሃብታም ምንጪ ጸዓት፡ ፕሮቲን፡ ማይ፡ ስብሒ ምዃኑ ይምስከረሉ። ብተወሳኺ'ውን ስርናይ ብትሕዝቶ ዝተፈላለዩ ህይወተ-ንጡፍ ውሁድ (Bio-active compound) ከም ቶኮፌሮል፡ ፋይቶስተሮል፡ ካሮተኖይድ፡ ቲያሚን፡ ሪቦፊላቪን ዝኣመሰሉ ባእታት ሃብታም እዩ።

*** ስርናይ ኣብ ሃገርና ንምንታይ መዓላ ይፈሪ ወይ ይዝራእ?**

- ስርናይ ኣብ ሃገርና ብሰፊሑ ንመዓላ መግቢ ወዲ-ሰብ ዝውዕል ኰይኑ፡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ማለት ተሰንኪቱ ከም ባኒ፡ ሕምባሻ፡ እንጀራ፡ ኬክ ወይ ብሽኮቲ፡ ፓስታ ማኮረኒን ስፓጌትን ክዳሎ ይኽእል። ብተወሳኺ'ውን ከም መስርሒ ባህላዊ መስተ 'ስዋ' ኰይኑ የገልግል። ሓረስቶት ሃገርና ስርናይ ከፍርዩ ከለዉ ማዕረ መግቢ ወዲ ሰብ፡ ሓሰሩ ንመግቢ እንስሳ ይጥቀምሉ። ምኽንያቱ ሓረስቶት ሃገርና መብዛሕትኦም ልምዓት ዘራእትን ምርባሕ እንስሳን ጐኒ ጐኒ ዘካይድዎ ንጥፈት ስለዝኾነ።

*** ኩነታት ምህርቲ ስርናይ ኣብ ሃገርና ከመይ ይመስል?**

- ስርናይ ኣብ ሃገርና ብሰፊሑ ብያታዊ ኣገባብ ዝፈሪ ኰይኑ፡ ኣብ ዝናብ ዝተመርኰሰ እዩ። ከም ዝፍለጥ ዓይነት ዘርኢ ኣብ ምህርቲ ወሳኒ ተራ ይጻወት። ምህርቲ ዘርኢ ስርናይ ብዝናብ ኣብ መበቈላውያን ዓሌታት፡ ካብ 7 – 12 ኩንታል ኣብ ሄክታር ክበጽሕ ከሎ፣ ብመስኖኣዊ ኣገባብ ኣብ መበቈላውያን ዓሌታት ድማ 16 ኩንታል ኣብ ሄክታር ይሕፈስ። ኣብ ምሩጻት ዓሌታት ዘርኢ ስርናይ ብመስኖኣዊ ኣገባብ ሕርሻ ከኣ ብገምጋም 50 ኩንታል ኣብ ሄክታር ምህርቲ ይህብ። ብተወሳኺ ግቡእ ክንክን ዝተገብረሉ፡ ብደገፍ መስኖን መስመርን ዝተዘርአ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ድማ ካብ 60 ክሳዕ 90 ኩንታል ኣብ ሄክታር ይርከብ።

*** ምህርቲ እኽሊ ስርናይ ንምድንፋዕ ዝተሰላሰሉ ስርሓት እንት'ለዉ ክትጠቕስልና?**

- ኣቓዲመ ከም ዝተንከፍክዎ ምምሕያሽ ዓሌት ዘራእቲ፡ ኣብ ምብራኽ ምህርቲ ብሓፈሻ እቲ ቀንድን ወሳንን ተራ ይጻወት። እዚ ስለዝኾነ ድማ እቶትን እቶታውነትን እኽሊ ስርናይ ንምድንፋዕ፡ ንዘላቒ ቀረብ ምህርቲ ስርናይ ኣብ ሃገርና ንምውሓስን ኣብ ምምሕያሽ ዓሌታት ዘርኢ ስርናይ ብዘለዓለ ተሰሪሑ እዩ። ዋላ ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ተበጺሑ እንተዘይበልና፡ ተዓሚሙ ዘሎ ስርሓት ግን ኣብ ምኽዕባት እቶት ዘርኢ ስርናይ ሃገርና ንቕድሚት ዓቢ ዝላ ክበሃል ይከኣል። ነዚ ክዉን ንምግባር ኣብዚ እዋን 16 እተፈላለዩ ዓሌታት ዘርኢ ስርናይ ናብ ሓረስቶት፡ ብመገዲ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓሊ፡ ተፈቲኖም ዘተባብዕ ውጽኢት ብምሃቦም፡ ተዘርጊሖም ኣለዉ።

ምምሕያሽ ዓሌት ዘርኢ ንበይኑ ኣኻሊ ስለዘይኰነ፡ ብተወሳኺ ካልኦት ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምሕደራ መሬት ሕርሻ (ምቅይያር ዘራእቲ፡ ምዝላይ፡ መስመር ምዝራእ፡ ምዱኻዕ፡ ምክትታልን ምምሓውን ዘይተደልዩ ዓሌት ጻህያይን ዝሓመመን)፡ ክንክን ጽሬት ግራት ገለ ካብቶም ብተደጋጋሚ ንሓረስቶት፡ ብኽኢላታት ሕርሻ ዝወሃብዎም ምኽርን ኣስተምህሮን እዮም። ብዓቢኡ ድማ ንቕሓት ሓረስቶት ሃገርና ንምብራኽ ብቐጻሊ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምዃን ብስሩዕ ስልጠና ንሓረስቶትን ኣባላትን ምሃብ እዩ።

*** ኣብ ልምዓት ስርናይ ብፍሉይ ካብ ዝጥቀሱ ብድሆታት እንት'ለዉ?**

- ብሓፈሻ ኣብ ልምዓት ስርናይ ዘሎ ቀንዲ ብድሆ፡ ጉዳይ ሕማማትን ጻህያይን እዩ። ማለት ካብ ሕማማት ዋግ (Rust) ዝብሃል ብፍላይ ኣብ መበቈላውያን ዘራእቲ ንሓረስቶትና ካብ ዘሸግሩ እዩ። ኣብ ዓሌታት ጻህያይ ምስ እንመጽእ ድማ እቲ ቀንዲ ኣሸጋሪ ኰይኑ ንረኽቦ ሰዓዕ (Avanafatua) ብዝብል ስያመ ዝፍለጥ (Wild Species) እዩ።

*** ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ወይ ከተመሓላልፍዮ ትደልዩ እንተሎ?**

- ሓረስቶት ነዞም ክጥቀሙሎም ጀሚሮም ዘለዉ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ፡ ኣዝዮም ክደፍኡሉ እላቦ። ገለ ሓረስቶት ዝሓሸ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ኣሎ ኢሎም፡ ነቲ ናይ መግቢ እኽሊ ስርናይ ንዘርኢ ይጥቀሙ እሞ እቲ ዘርኢ ንሕማማትን ትሑት እቶትን ዝተቓልዐ ይኸውን። ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ግና ቀልጢፉ ንፍርያት ይበጽሕ፡ ሕማማትን ባልዓትን ይጻወር ብውሑድ ዘርኢ ድማ ልዑል እቶት ይርከቦ። ብተወሳኺ ስርናይ ኣብ ምዕንባባን ፍረ ምስኳዕን ዝያዳ ጠሊ ስለ ዝጠልብ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒን ከዘውትሩ ይግባእ።

*** የቐንየልና ገነት።**

ንቐደም በሉ!

### ምቁር ፖርታቺፕርያ (Sweet Flapjacks)

**ዘድልዩ ጥረ ነገራት**



- 2 ኩባያ (500 ሚሊ ሊትሮ (ሚ.ሊ) ሓሩጭ ፊኖ)
- 4 ማንካ ጣውላ (60 ሚ.ሊ ሽኮር)
- ሓደ ዓብይ እንቋቑሖ
- 3 ማንካ ጣውላ ዘይቲ ሱፍ/ ኣውሊዕ
- 4 ማንካ ጣውላ ጸባ
- 2 ማንካ ሻሂ ቤኪን ፓውደር
- ማይ ከም ዘደለናዮ፡ ክሳዕ ብሑቐና ብማንካ ክለዓል ዝኽእል ሕፍሶት ዝህልዎ ዝኣኽለና ንጥቀም

**ኣገባብ ኣደላልዋ**

መጀመርታ፡ ኩሉ ዘዳለናዮ ጥረ ነገራት ኣብ ዓሚቝ መትሓዚ ንገብሮ፡ ብማንካ ጌርና 80 ሚእታዊት ሕፍሶት ክሳዕ ዝህልዎ ማይ እናገበርና ንሓዋውሶ። ብሑቐና ብማንካ ዝልዓል ሓፊስ ክኸውን ይግባእ። ቀጺልና ባዴላና ኣብ ማእከላይ ሓዊ ሓደ ማንካ ጣውላ ዘይቲ ብምግባር ንስኽትቶ። ብምቕጻል፡ ካብቲ ዘዳለናዮ ብሑቕ ብማንካ ጌርና ኣብቲ ባዴላ በብሓደ ንግልብጦ፡ ብሑቑና ንሓድሕዱ ከይተሓሓዝ እናተጠንቀቕና ባዴላና ክሳዕ ዝኣክል ትሕዘልና በብሓደ ንግልብጥ። ክበስል ምስ ጀመረ ብጸፊሕ ማንካ ናብ ላዕለዋይ ወገን ብምግምጣል ወርቃዊ ሕብሪ ክሳዕ ዝሕዝ ክበስል ንሓድጎ። ብሑቕና ምስ በሰለ ኣውሪድና ምስ ክሬም ወይ ርግኦ ሓዊስና ወይ እናለኸና ክንምገቦ ንኽእል።

*ምንጪ ጽሑፍ:- Ursula Ameen*





## ዛንታ

# ህያብ ናይ'ቲ ኣቦ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ካልኣይ ክፋል፦

ብሓባር፡ "ሕራይ" ኢሎም ብምምሳስ ኣርባዕቲኦም ተቐራሪቦም ክዘርዩ ጀመሩ። "ሰዓት 8፡00' 'እምባእ ማሰዩ'... 'ሰዓት ሽውዓተ'፡ 'እምባእ ቀልጢፉ'" እናበሉ ኣብ መወዳእታ ሰዓት 7፡30 ክኸውን ተሰማሚዖ።

ሰዓት 7፡30 ንኹሉኦም ፈጺማ ኣየሐጎሰቶምን። ደሮ ድማ ከጉረምርሙ ጀሚሮም ኣለዉ።

"ግን ሰዓት ሸውዓተን ፈረቓን ክንኣቱ ተሰማሚዕና ኣለና፣" ዊንታ ዝተሰማምዐሉ ሰዓት ሓበረት።

"ናይ ብሓቂ ሓሲብኩምሉ ዲኹም? ማለት ጽባሕ ከምዚ'ባ ከምቲ'ባ ዝበሃል ዘረባ የለን" ኣቶ ኪዳን ንኣርባዕተ ደቁ ኣበራርዩ ጠመቶም።

ኣማኑኤል፡ "ባባ ሓቂ ምዝራብ ሰዓት 7፡30 ቀልጢፉ ኣሎ። ግን ኣብዮምና፣" ምዕባይ ዊንታ ከምዝይተሓጎሰ ተዛረበ።

"ንሕናኳ ንፈልጦ የብልናን። ሓሲብኩም ወሲኑ ኢኹም ተባሂልኩም፣" ወይዘሮ ሃና ተዛረበት።

"ባባ ማማ ዝኣም ኣይትሰምዕምን፣ ተረዲዲእና ኢና። ብቃ ሰዓት 7፡30 ገይርናያ ኣለና፣" ዊንታ ንኣሕዋታ ከተሕርቕ እናጠመተቶም ተዛረበት።

"ሕራይ ጽቡቕ፡ ኣገዙ ደስ ዘብል እዩ። ሓቂ ዘረባ ኣሃኳ ሰዓት 6፡00 ክትከውንየ ሓሰብ ነይረ፣" ኣቶ ኪዳን ስምዒቶም ክፈልጥ ደለዩ።

ብዘይካ ዊንታ ኩሎም ወጨጩ።

ኣቶ ኪዳን ስምዒቶም ተረዲኦ፤

"ደሓን ንሰኹም ካብ ወሰንኩም ሰዓት 7፡30 ኮይና ኣላ። ወይዘሮ ሃና ተወሳኺ ሓሳብ ኣለኪ ደዩ" ንበዓልቲ ቤቱ ጠመታ።

"ኣይ ኣነስ ዘረባ የብለይን። እንተኾነ ግን ደስ ኢሉኒ ኣሎ። ከምዛ ተባሂላ ዘላ ሰዓት 7፡30 ኩሉ ሰብ ክርከብ ኣለዎ፣" ወይዘሮ ሃና ንኹሎም ኣብኣት ሰድራ እናጠመተት ተዛረበት።

"ግርም እምበኣር ከምቲ ዝተዘራረብኩምሉ ሰዓት ምኽባር ከድልየልኩም እዩ። ስለዚ ኣብዚ ወረቐት እዚኣ፡ ዝኣተኹምላ ግዜ ትፍርሙ። ምናልባት ሰዓት 6፡00 ወይ 5፡00 ኣብ ገዛ እንተለኹም ሰዓት 5፡00 ወይ 6፡00 ኢልካ ምፍራም ኣየድልን እዩ። ኩሉ ግዜ ሰዓት 7፡30 ኢልኩም ክትፍርሙ ኣለኩም። እንተደንጎኹም ግን እታ ዝኣተኹምላ ደቒቕ ክትፍርሙ ኣለኩም። ኣማኑኤልን ሳሙኤልን እኳ ሰዓት ኣለዋኹም ሓቀይ፣" ንደቁ በብተራ ጠመቶም።

ኩሎም ደቁ ርእሶም ብምንቕናቕ መለሱ።

ኣቶ ኪዳን ዘረብኡ ቀጸሉ፡ "ጽቡቕ ንዊንታን ንሳህምን ድማ ሰዓት ኣምጺኤልኩም ኣለኹ፣" ብምባል ኢዱ ናብ ጅባኡ ሰዲዱ ሰዓት ኣውጺኡ ንዊንታን ንሳህምን ኣቐበልዎም።

"ዋው!" እናበሉ ድማ ተቐበልዎ።



ኣቶ ኪዳን ናይ ደቁ ስምዒት እናንበበ ዘረብኡ ቀጸሉ፡ "ስለዚ እዘን ሰዓታትኩም ብሓደ ምልኣወን። በዘ እትመልኡዋ ሰዓት ተመሪሕኩም ድማ ኣብ ግዜኹም ትኣትዉ። ምናልባት ዝኾነ ነገር ምስ ዘጓንፍ ንሕድሕድኩም ክትተሓባበሩን ክተፍቅዱን ኣለኩም። ኣብ ፍቓድ ኣሃን ኣዴኹምን ኢድ የብልናን። ንሕድሕድኩም ክትረዳድኡ ይግበኣኩም፣" ተዛሪቦም ወድኡ።

"ሕጂ ግርም ምምሳይ የለን" ተጫረቐት ዊንታ።

ሳሙኤል፡ "ሽቕ በሊ መሐገሲኺ ረኺብኪ እምበኣር፡ ደሓን!" ምንኣስ ሓዋ ኣፈራረሐ።

ኣቶ ኪዳን፡ ዝኾነ ሕቶ እንተለዎም ክሓቱ ዕድል ሃቡዎም። እንተኾነ ዝሓተተ ኣይነበረን።

ኣቶ ኪዳን፡ "ሓንቲ ተወሳኺት ሕጊ ድማ ኣላትና፣" ዘረብኡ ቀጸሉ።

"እንታይ እያ ባባ" ናህም ተሃዊኹ ሓተተ።

"ትምህርትኹም እተጸንዕሉ ግዜ ተሰሪዑ ኣሎ። ስለዝኾነ ብኡኡ ክትምርሑ ኢኹም። ተወሳኺ ግን ኣብ መዓልቲ ዓሰርተ ገጽ ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ከተንብቡ ኣለኩም። ነቲ ዘንበብኩሞ ድማ ምሸት ምሸት ብሕጽር ዝበለ ክትገልጹልና ኢኹም፣" ኣቶ ኪዳን ንደቁ ጠመቶም።

ደቁ ገሪምዎም ፊዘዞም ይጥምትዎ ነበሩ።

"ስለዚ ክልተ ሕግታት ኣለና ማለት እዩ። ሓደ ግዜ ምኽባር፡ ካልኣይ ድማ መዓልታዊ ዓሰርተ ገጽ ካብ ዝመረጽኩሞ መጽሓፍ ምንባብ። ኣነ ድማ ወርሓዊ ክልተ መጽሓፍቲ ክገዝእ መዲበ ኣለኹ፣" ኣቶ ኪዳን ተዛሪቡ ሽቕ በለ።

ሳሙኤል፡ "ሕራይ ባባ እዘን ዝበልካየን ንሕና ክንተግብረን ኢና። እንተኾነ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ። ንስኻ'ኸ ሰዓት ክንደይ ኢኻ ናብ ገዛ ክትኣቱ ንስኻ ኣብኡ ክትፍርም ኣሎካ፣" ብስክፍታ ተዛረበ።

"እዚኣ ጽብቕቲ ሓሳብ እያ። ሳሙኤል ወደይ ተበፃሓ ምሕታትካ ደስ ኢሉኒ ኣሎ። ኣነ ድማ ወትሩ ሰዓት 7፡00 ክመጽእ እየ። ምኽንያቱ ንዓኹም ቀልጢፍ እናበልኩ ኣነ ከምሲ ጽቡቕ ኣይኮነን። ተወሳኺ ዝረሰዕክዎ፡ ዝኾነ ድሕሪ ሰዓት 7፡30 ዝምሲ ሰብ፡ ኣቕዲሙ ብጽሑፍ ክፍቅድ ኣለዎ። እቲ ጉዳይ ተረዲኡ ድማ ትቕበልዎ ወይ ትነጽግዎ። ኣነ ንባዕለይ ዝምሲ እንተኾይነ ብወረቐት ፍቓድ ክሓተኩም እየ" ኣቶ ኪዳን ክምስ በሉ።


"ዋው ጽብቕቲ ባባ! ንሕና ድማ ከምታ ትሕልወና ክንሕልወካ ኢና። ንሰኻ ድማ 10 ገጽ ኣብ መዓልቲ ክተንብብ ኣሎካ፣" ኣማኑኤል እናሰሓቐ ተዛረበ።

"እሂናይ ደኣ፡ እዚ ሕጊ ንኹልና እዩ። በዚ ዝተሰማማዕናላ ድማ ንኸይድ። ኣነውን ኣብ መዓልቲ ዓሰርተ ገጽ ክንብብ እየ" ወይዘሮ ሃና ተዛረበት።

ይቕጽል.....

## ፍልልያት ርኸቡ


ፍቱዋት ተመሃሮ ካብዘን ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ስእልታት ዓሰርተ ፍልልያት ርኸቡ። ፍልልያት ድሕሪ ምርኻብኩም ሕብሪ ልኸዩ።



## መልሲ እተመሳቐለ ቁጽርታት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 9 | 9 | 1 | ■ | 8 | 9 | 6 |
| 8 | 4 | ■ | 2 | 6 | 0 | ■ | 7 |
| 8 | ■ | 2 | 4 | ■ | 6 | 8 | 8 |
| ■ | 9 | 8 | ■ | 3 | ■ | 9 | ■ |
| 3 | 0 | 3 | ■ | 1 | 3 | 3 | 6 |
| 8 | 0 | ■ | 4 | 3 | ■ | ■ | 4 |
| 0 | ■ | 1 | 5 | 0 | ■ | 3 | 3 |
| 8 | 9 | 8 | ■ | ■ | 4 | 1 | 2 |

## ውድድር ተርሙማ ቁጽሪ- 6



ዝኽበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'። 'ውድድር ተርሙማ' ሓሙሽተ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ ሻዱሻይ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። ቀዳሞት ዓሰርተ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ሽልማት ስለዘሎ፡ ክሽለሙ ምኳኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዝበዝሖ ቅቡል ኣይክውንን። መልሲ ብጸሰጣ ይሰደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጶ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 23-09-2023 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!!

ስም፡ ____________________

ቤት ትምህርቲ፡ ______________ ክፍሊ፡ __________

ኣድራሻ፡ ______________ ዞባ፡ __________

ሞባይል፡ ______________

### ሀ. ደረስቲ

እዘን ዝስዕባ መጽሓፍቲ ብመን ከምዝተደርሳ መልሱ?

1. መጽሓፍ 'ኤርትራውያን ኮማንዶ ቀያ 18 ደቓይቕ' ዝጸሓፈ/ት መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________
2. መጽሓፍ 'ኣይንፈላለ' ዝጸሓፈ/ት መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________
3. መጽሓፍ 'እታ መርዓት' ዝጸሓፈ/ት መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________
4. መጽሓፍ 'ሳሕል' ዝደረሰ/ት መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________
5. መጽሓፍ 'ኮሊልኩም ሃቡና' ዝደረሰ/ት መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________

### ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ

1. "ህዝቢ መረብ ምላሽ ርእዩ ጠሚቱ ካብ ብፈደረሽን ሕብረት፡ ምሉእ ሕብረት ይሕሸና ኢሉ ዝመረጸሉ መዓልቲ፡ ሓጐሰይ ዓቢይ ኮይኑ ክርከብ እዩ" ዝበለ መን እዩ፧
መልሲ፡ ____________________
2. ኮሚሽነር ሕ.ሃ ኣንሰ ማቲየንሶ ናብ ኤርትራ (ኣስመራ) መዓስ ዕለት፡ ወርሒ፡ ዓመት ምህረት ኣትዩ፧
መልሲ፡ ____________________
3. ካልኣይን ሓድነታውን ውድባዊ ጉባኤ መዓስን ኣበይን ተኻይዱ፧
መልሲ፡ ____________________
4. ሃገራዊ ኣገልግሎት መዓስ ዓመተ ምህረት ተኣዊጁ፧
መልሲ፡____________________
5. ውዕል ኣልጀርስ መዓስን ኣበየናይ ሃገርን ተኻይዱ፧
መልሲ፡ ____________________

### ሐ. ግድል ቁጽርታት

1.ኣብዛ ሰንጠረዥ፡ ድምር ናይ ትኹልን ጋድምን ተዋሂቡ ኣሎ። ስለዚ፡ ካብ ቁጽሪ 0 ክሳብ 9 ብዘለዉ ቁጽርታት ነዛ ሰንጠረዥ ምልእዋ። ቁጽሪ ምድጋም ኣይፍቀድን። መበገሲ ትኾነኩም ሓንቲ ቁጽሪ ተዋሂባ ኣላ። ሰናይ ስራሕ!!

| 5 | 14 | 17 | |
|---|---|---|---|
| | | | 17 |
| | 5 | | 14 |
| | | | 5 |

2. ሕቡእ ቁጽሪ ርኸቡ?

| | ላዕሊ | ማእከል | ታሕቲ | ጸጋም | የማን |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 5 | 94 | 6 | 8 | 9 |
| 2 | 7 | ? | 8 | 10 | 9 |

### መ. ትግርኛ

ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታ ምልኡ

1. ኣስታት 2.5 ሜትሮ ዝቖመቱ ኣብ ድሕሪቱ ንዕርፍን ቅትርትን ዘኣቱ ነኳላት ዘለዎ ጽሩብ ጉንዲ ____________ ይበሃል።
2. ጠስሚ ወይ መዓር ዝሓዘ ንመርዓት ብኣደኣ ዝውሃብ ንእሹቶ ስርሓት መሬት ዕትሮ____________ይበሃል።
3. ማይ ንምውራድን ንምዕቋርን ዘገልግል ዝለፍዐ ቁርበት ጤል____________ ይበሃል።
4. ንወዑይ እምኒ ብርኩታ መትሓዚ ዝኸውን ብሓደ ሸነኹ ዝተጨደ ዓይነት ዕንጨይቲ____________ይበሃል።
5. ብድሕሪት ገዛ ዝርከብ ናብ ውሻጠ ብቖጥታ ዘኣቱ ማዕጾ ____________ ይበሃል።





ሓበን ተስፋሚካኤል

# ኣብ ክዳን እትለግብ ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር

ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ደቂሰብ፡ በብእዋኑ ዝምዕብልን ዝማዕበለን ዘሎ ቴክኖሎጂ፡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይፈጥር ምህላዉ ኩልና እንሰማምዓሉ እዩ። እዚም ብብዙሕ ጻዕርን ፍልጠትን ዝመጽኡ ዘለዉ፡ ኣብ መዓልቲ ክውዕሉ እንከለዉ፡ ማእለያ ዘይብሉ ድኻም ዘቃልሉን ንስራሕና ኣሳልጦ ዝህቡን እዮም። ስለዚ ከኣ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝጸንዑ ሰባት ዚያዳ ምትብባዕን ደገፍን ክፍለዮም የብሉን።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝወጽአ ሓበሬታ ከም ዘረጋግጾ፡ ኣብ ክዳውንትን ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑን እትለግብ ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር ተማሂዛ። እታ ተዓጻጻፊትን ፈኩስ ሚዛን እትውንንን ተርሞ-ሜተር፡ ብተመራመርቲ ቤት ትምህርቲ ምህንድስና ሃርቫርድ ጆንኤ.ፐውልሰን ክትምዕብል ምኽኣላ ተፈሊጡ ኣሎ።



ኣብዚ ምህዞ ዝተሳተፈ ፕሮፌሰር መቲውክስን ማዝርያልን ዚሂጋን ሰይ፡ "እዛ ብዘመራመርቲ ተማሂርና ክትማሃዝ በቒዓ ዘላ ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር ካብዘን ካልኦት ዝፈልያ ነገር፡ ቀልጢፉ መጠን መቐት ዓቐና መልሲ ክትህብን ብቐሊሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑት ክትሰጥምን ምኽኣላ እዩ" ይብል።

እቲ ፕሮፌሰር ከም ዝሓበሮ፡ እታ ተርሞ-ሜተር ብሰለስተ ኣካላት ማለት ብኤለክትሮላይት (ብምንቅስቓስ ኣዮን ኤለክትሪክ ዘውሕዝ ዘይሜታላዊ መተሓላለፊ)፡ ብኤለክትሮድ (ኳሬንቲ ዝበጽሓሉ ቦታ)፡ከምኡ ድማ ብዳይኤለክትሪክ (ቀጥታዊ ኳሬንቲ ኤለክትሪክ ዘየመሓላልፍ) ብኢታታት ዝቖመት እያ።

እቶም ተመራመርቲ ንቅልጣፈ መልሱ ግብሪ ናይ'ታ ተርሞ-ሜተር ንምፍላጥ ኣብ ዘካየድዎ ምርምር፡ መጠን ምቑት ናይ ዝበሰለት ውዕይቲ እንቋቑሖ ኣብ መትሓዚ ለዎት ናይ ሳንጣ ብምእሳር፡ ቡታ ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር ክዕቅንዎ ኣብ ዝፈተኑሉ፡ ብዘበርም ፍጥነት ኣብ ውሽጢ 10 ሚሊሰከንድ መልሲ ክትህቦም ክኢላ። እታ ብትርኢታ ንጽርትን ማይ-ማጽ ዝሓበራን ተዓጻጻፊት ተርሞ-ሜተር፡ ዓቕና ኣንኣሪም ክሰርሑዋን ዚያዳ ከማዕብልዋን ምኳኖም'ዮም፡ እቶም ነቲ ምህዞ ክውን ዝገበሩ ተመራመርቲ ዝሓበሩ።

# ዝተመርዓዉን ዘይተመርዓዉን ብመንጽር ስፖርታዊ ንጥፈታት...

ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ኻሲ-ወክፍ ሰሙኑ እንተውሓደ 150 ደቓይቕ ማእከላይ ስፖርታዊ ንጥፈት ክዘውትር፡ ከምኡ'ውን



75 ደቓይቕ ዝወሰድ ናይ ጉልበት ምንቅስቓስ ክካየድ ከም ዘለዎ ይንገር።

ዚ መምርሒ ናይ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ በቒዖም ዘለዉ ድማ፡ እቶም ዘይተመርዓዉ ሰባት ምዃኖም፡ ሓድሽ መጽናዕቲ ሓቢሩ ኣሎ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ፖላንድ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ኑቶም ኣብ መንጎ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 64 ዝርከቡ ኣሰታት 4,460 ሰባት እዩ ኣጸኒዑ። ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ድማ፡ ዘይተመርዓዉ ሰባት፡ ኣብ ስፖርታዊ ብቕዓት ልዕሊ ምርዕዋት 70 ሚእታዊት ሓያል ጎደኒ ከም ዘርኣዩ ኑቲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ፖላንድ ይሕብሩ።

ንሱ'ዩም ኣሰዒቦም፡ እቶም ዘይተመርዓዉ ሰባት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ማለት፡ ኣብ ከም ጉያ፡ ምልዓል ክብደት ከምኡ'ውን ኣብ ሜዳ መዛናግዒ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከም ዝሳተፉ ክሕብሩ እንከለዉ፡ እቶም ምርዕዋት ዘካይድዎ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ድማ፡ ብእግሪ ምኻድን ብቕልጡፍ ምጥቃምን ጥራይ ምዃኑ እዮም ዝገልጹ።

እቶም ምርዕዋት ብሰንኪ ክብደት ሓላፍነት ስድራ-ቤት፡ ግዜኦም ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከሕልፍዎ ብዘይምኽኣሎም፡ ሰብኡቶም ዝድለ ምንቅስቓስ ከምዘይረኽቡ ይሕብሩ። ብኣንጻር ናይ'ዚ ድማ፡ ንምንቅስቓስ ዝኸውን እኹል ግዜ ዘለዎም ዘይተመርዓዉ ሰባት፡ ኣብ ሓዳር ከይኣተዉ እንከለዉ ድልዱል ኣካላዊ ብቕዓት ክውንኡ ከም ዝበህጉ ይገልጹ። ኮይኑ ግን ኣብ ጸቡቕን ጥዑይን ዝኾነ ኣካላዊ ብቕዓት ምህላው፡ ንዝተመርዓዉን ዘይተመርዓዉን ጥራይ ተባሂሉ ዝፍለ ስለዘይኮነ፡ ኩልና ማለት ከም ደረጃ ዕድመናን ኩነታት ጥዕናናን ኣመዛዚንና፡ ኣካላዊ ብቕዓትና ኣብ ምህናጽ ክንግደስን ግዜ ሂብና ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክንካየድን ከም ዘለና፡ ተመራመርቲ ናይ'ዚ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ እዩ'ሞ፡ ሃየ ደኣ ኣብ ክንዲ ቦሊፍና ንድቅስ፡ ዋላ ንፍርቂ ሰዓት ትኹን መዓልታዊ ምንቅስቓስ ንዘውትር።

# ሓሳኹን ለመምትን ተቓሚሞም ከም መግቢ ይዳለዉ

ሓሳኹን ለመምትን ብዓይኑት መግቢ ተዳልዮም ኣብ መኣዲ ምስ ዝቐረቡ፡ ከይፈንፈኑ ክምገብዎም ዝኽእሉ ሰባት ውሑዳት ምዃኖም ወይ'ውን ኣይምተረኽቡን። ዓይነት እንግዓኡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ። እቲ ንኹልና ዘሕብረናን ዘመሳስለናን መኣዲ ዘመናዊ መግቢ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኣኣብ ሃገርና ዝዘውተር ባህላዊ መግቢ ማስተን ግን ይፈላለየና።

ኣ መ ሪ ካ ው ያ ን ተመራመርቲ፡ ካብ ከብቲ እንረኽቦም መኣዛታት ሲጋ፡ ካብ ሓሳኹን ለመምትን ክዳለዉ ምዃኖም ይሕብሩ ኣለዉ። ንሱ'ዮም፡ ኣብ 2050 ህዝቢ ዓለም፡ ክሳብ 9.7 ቢልዮን ክበጽሕ ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ኩሉ ሰብ ካብ ሲጋ ክረኽቦ ዝኽእል ፕሮቲን ብመልክዕ ሓሳኹ ተዳልዩ ከም ኣማራጺ ክቐረበሉ ምዃኑ'ዮም ዝገልጹ ዘለዉ።



እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ገለ ሃገራት፡ ሓሳኹን ለመምትን ናይ ምምጋብ ልምዲ ከም ዘሎ እናገለጹ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝዓም ሓሳኹን ለመምትን ከም ዓይነት መግቢ ከተዳልዎም ግን ብቐሊሉ ከም ዘይክኣል እዮም ዘረድኡ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ከም'ቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ኻፍሲ ወከፍ ሃገር ናይ ውልቃ ባህላዊ መግቢ ስለ ዘለዋ እዩ።

ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ዝተሳተፈት ኮርያዊት ተመራማሪት ከም ቾ፡ "ሓሳኹ ተዳቒቖምን ተቓሚሞምን ኣብ መግቢ ከም መሐወስታ ምጥቃም ዘፈንፍን ኣይኮነን። እቶም ሓሳኹ ብዋሕዚ ምስ ዝዳለዉ፡ ካብኡ'ዮም፡ ቪታሚናትን ማዕድናትን ፕሮቲንን ኢና እንረክብ። በዚ ድማ ልክዕ ኣብ ሲጋ ናይ ከብቲ እንረኽቦም መኣዛታት፡ ኣብኡ'ዮም ሓሳኹ'ውን ከም ዘለዉ ንርዳእ። ኣብ ለመምቲ ግን ሽሕኳ ዝጠቕሙና መኣዛታት እንተለዉ፡ ገይና ኣብ ኣፍና ክይኣቕረብናዮም እንከለና ሰኽፍክፍ ስለ ዝብለና፡ ከም ዓይነት መግቢ ከዘውትሮም ብድሆ ከም ዝኾኑና ርዱእ እዩ" ትብል።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ሓሳኹን ለመምትን ከም መግቢ ኪዩናም ቅድሚ ምዝውታርም፡ ሰባት ኣብ ልዕሊኦም ዘለዎም ኣረኣእያ ክቕየር ከጽዕሩ ምዃኖም እዮም ዝገልጹ። ንሱ'ዮም ኣሰዒቦም፡ እቶም ሓሳኹ ዋላ ተዳቒቖም ከም መማቐርቲ ናይ ሲጋን ካልእ መግብን ኪዩናም እንተ ተዳለዉ፡ ብሰባት ተቐባልነት ክረኽቡ ስለዘለዎም ግን እቲ ፈለማ ክትግበር ዘለዎ ናይ ኣረኣእያ ለውጢ ምዃኑ ይወስኹ።

# ተኽእሎ ሕማም ኣእምሮ ዘጉድል ሜላ

ናይ ኣእምሮ ጸገም ወይ ሕማም ኣእምሮ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዕሊ 50 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም እናኣጥቅዐ ዝመጽእ ዘሎ ምዃኑ ይሕበር። እዚ ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝበዝሐ ሕማም ኣእምሮ፡ ክውገድ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ከምዚ ዓይነት ጸገም ከይሰዓብ እንከሎ ክንከላኸሎ ከም ዘለና እዩ ብክኢላታት ዝንገር። ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቲ ነዚ ጸገም'ዚ ኣብ ምውጋድ ዝጠቅም ሜላ፡ ግዜና ኣብ ትምህርትን ስራሕን ምውፋይን ብኡ ኣቢልና ድማ ጥዕና ኣእምሮና ምሕላውን ምዃኑ ይሕብሩ ኣለዉ።

ትምህርቲ፡ ሓደ ካብቲ መሰረታዊ ናይ ደቂሰብ ምዕባለ ከም ዝኾነ ዝምስከረሉ ሓቂ እዩ። ብዘወሰኸ፡ ተማሂርካ ኣብ ስራሕ ክትጽመድ እንከለኻ፡ ካብ'ቲ ብሰንኪ ሸቐለት ኣልቦት ዝስዕብ ሕማቕ ልምድታትን እትኸስሮ ግዜን ዘናግፍ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዕድመ ንእስነትካ ኣብ ትምህርትን ስራሕን ዝተጸመድካ ሰብ ምስ እትኸውን፡ ካብ'ቲ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ክስዕብ ዝኽእል ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማት ዘናግፍ ምዃኑ ተመራመርቲ ኮሌጅ ሕክምና ኣልበርት ኣንስታይን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሓቢሮም ኣለዉ።

ኑቲ መጽናዕቲ ንምክያድ፡ ካብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ዝተዋጽኡ ልዕሊ 10 ሽሕ ዜጋታት ከምዝተሳተፉ ተፈሊጡ። ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ሰባት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ኮይኖም፡ ንደረጃ ትምህርቶምን ህሉው ኩነታት ስርሖምን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ እቲ መጽናዕቲ ተኻይዱ'ሎም። በቲ ዝተረኽበ ወጽኢት ከኣ፡ እቶም ትምህርቲ ዝቐሰሙን ኣብ ስራሕ ዝተጸምዱን ሰባት፡ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮኦም ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ከም ዝተረኽበ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣእምሮና ኣብ ስራሕ ዝተጸምደ ምስ ዝኸውን፡ ንተኽእሎታት ሕማማት ኣእምሮን ጭንቀትን ከወግዶም ሓጊዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ግቡእ ስራሕ እንግዱ ሰባት ክንክውን ከም ዘለና ይመኽሩ።



# ዝተራቐቐት ጡጦ ህጻናት

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን - ኣመሪካ፡ ወሸጣዊ ስምዒታትን ድሌታትን ህጻን ክትርድእ እትኽእል ስማርት ቺቾቶ ወይ ጡጦ ምህዞም ከም ዘለዉ ሓቢሮም።

ቺቾቶ፡ ኣብ ኣፍ ህጻን ዝኣቱ ጸባ ዘይብሉ መቐለሚት እዩ። እዚም ነዛ ስማርት ቺቾቶ ምህዞም ዘለዉ ተመራመርቲ፡ ብፍላይ ቅድሚ ግዜኦም ዝተወልዱ ዕሸላት፡ ሓፈሻዊ ጥዕናኦም ንምምርማር እትሕግዘ መሳርሒት ምዃናየም ኣብሪሆም ዘለዉ። እቶም ተመራመርቲ፡ ነታ ዝማሃዝዋ ስማርት ቺቾቶ፡ ኣብ ሕክምና ተዓቒቦም ክንክብን ኣብ ዝቐደሎም ዕሸላት'ዮም ፈቲኖሞ። ቀንዲ ኣተኩሮ ናይ ምህዞኦም፡ ኣብ'ቶም መዓልቶም ከይኣኸለ ማለት 9 ወርሒ ከይመልኡ ዝተወልዱ ህጻናት ብምድሃብ'ዮም ተመራሚሮም።

ሓደ ካብኦም ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተሓባባሪ ፕሮፌሰር ጆንግ ሁን ከም፡ "ቅድሚ ግዜኦም ዝተወልዱ ዕሸላት ግቡእ ሕክምናዊ ረድኤት እንተረኺቦም፡ ከም'ቶም ኣብ 9 ወርሒ ዝወለዱ ዕሸላት ምሉእ ጥዕና ዝውንኑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ስለ እንፈልጥ ድማ ኢና፡ ኣብ ጥዕና ህጻናት ኣበርክቶ ክህልዎ ዝኽእል ምህዞታት፡ ማለት ነዛ ስማርት ቺቾቶ ክንምህዛ ዝተበገስና። እቶም ዕሸላት ነዛ ስማርት ቺቾቶ ኣብ ኣፎም ምስ ኣእተውዋ፡ ብመንገዲ ስልኪ-ኣልቦ ናብ ተሌፎናትን ኮምፕዩተርን እያ ሓበሬታ እተመሓላልፍ" ክብል ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ'ቲ ምህዞ ይህብ።

እዛ ብዝተራቐቐ ኣገባብ ዝተማህዘት ስማርት ቺቾቶ፡ ኣብ ዓውዲ ሕክምና ናይ ዕሸላትን ህጻናትን ዓቢ ኣበርክቶ ክህልዋ ተስፋታት ተመራመርቲን ሓካይምን ልዑል ምዃኑ ይገልጽ ኣሎ።



ሸባብ

ሃማመተኤ

## ትዕዝብቲ

# ዓማዊል ኢለ'የ ኣኽቢረልኩም

ኣሮን ተስፋኣለም

"ስለምንታይ ናብ እንዳ ባር ትኣቱ? መስተ ንምንታይ ትሰቲ?"

"ክፍትኖ።"

"ከምዚ ሓደ ሓውና 'ንምንታይ ሓዳርካ በቲንካ ተፋቲሕካ?' ተባሂሉ፡ 'ክፍትኖ ኢለ'የ፡' ብምባል በስታሕቃር ዝመለሶ እንዷኻ ኣምሲልካያ ደኣ።"

"እወ፡ ብፍላይ ጸሓፋይ እንተ ኼንካ፡ እሞ ብዛዕባ ሰኽራን ክትጽሕፍ እንተ ደሊኻ፡ መስተን ሰኽራንን ግድነት ክትፍትኖ ኣለካ።"

"ኣ-ሃ! ብዛዕባ ሞት ክትጽሕፍ ክትሞውት'ዩ ዘለካ ማለት ድዩ?"

***

"ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ክሰቲ እንተ ኣምሰየ፡ ምስ ሰኸርኩ መኪናይ እናሐንበብኩ፡ ብባሕሪ ሰንጢቐካ ንዕዳጋ ስገር እዩ ዝመጽኣኒ፡" ይብል ንባጽዕ ንኽሰቲ ጥራይ ዝወርድ ሰብ።

"ምስቲ ሃሩር ግዲ ኹይኑ ኣብ ባጽዕ ከም ሕሱም እዩ ዝስተ፡" ትብል ዘረባ ኸኣ እታ እንኮ ብዛዕባ ባጽዕ ዝፈልጣ ነገር ግዲ ኹይና ንዓኣ ጥራይ እዩ ዝደጋግም - ናይ ባጽዕ ኣርእስቲ ምስ ዝኽፈት።

***

"መስተ ገንዘብ ከፊለ ኣይሰትን'የ። ዘስትየኒ እንተ ረኺበ ግን ኣይገድፍን፡" ብኣንጻሩ ካልኦት ከኣ፡ "ኣነ ገንዘበይ ጫሕ ኣቢለ እኳ'የ ዝሰቲ። ብገንዘበይ'ምበር ብገንዘብካ ዶ እሰቲ ኣለኹ'የ?!" ይብሉኻ።

ዘይዛረብ ሰብ ምስ ሰተየ ህውታትያ ይቕየር፣ ተዛራቢ ኸኣ ሰቕ ይብል። ገለ ይድቅስ ገለ ይበኪ። ገለ ጉያ ደስ ይብሎ ገለ ብጽርግያ ውሕጅ ዝሓልፍ ዘሎ ይመስሎ'ሞ ብኻልእ ኣንጎሎ ተኺሊሉ ይሓልፍ። ገለ ባእሲ ደስ ይብሎ ገለ ብልዒ። ናይ ሰኽራን ሸይጣን ጉድ'ዩ። ገለ ከኣ መኪና ብልዕሊ ባሕሪ እናንሳፈፉ ከሕልፉ...

***

ዝኾነ ባር ካብ ሕብሪን ዓይነትን እቲ ኣብ ውሽጡ ዝውላዕ መብራህቲ ርኢኻ መን ይኣትዎ፡ ከመይ ዝበለ ባር እዩ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ጸልማትን ቀይሕ መብራህትን ዝበዝሖን ባራት...

***

"ሕጂ ንዓ ቍምነገር ተዛረብ፣ እንታይ ኢኻ ናብ'ዳ ባር ዞኽዞኽ ትብል? ኵሉ ግዜ ኣብ ዳባር ዶ ተጋጥመኪ ኣለኻ ሓቀይ?"

"እወ ሓቅኻ። ባር ከውጽእ መደብ ስለ ዘለኒ መጽናዕቲ ንኽካይድ እየ ናብ ባር ዝኣቱ።"

***

"ኣዳም ካብታ ዕጸ-በለስ ኣይትብላዕ ምስ ተባህለ ሰይጣን ከኣ ብላዕ ኢሉ ኣስሒቱዎ።"

"ልክዕ።"

"ኣዳም ካብታ ዕጸ-በለስ ክበልዕ ከም ዝኽእል ብኣምላኽ እንተ ዝንገሮ ነይሩ ከመይ ምኾነ ኢልካ ሓሲብካ ዶ ትፈልጥ?"

"ኣይፈልጥን! እንታይ'ለዮ'የ ከምኡ ዝሓሰብኩ?"

"ንሓደ ከምዚ ኸማና (ሰታይ) መስተ ኣይትስተ እንተ ዝበሃል ከ?"

"ቀዳማይ ነገር፡ ሓደ ወድ-መዛምርትና ዘስሕት ሰይጣን ኣየድልዮ ጅንዕፍሪት - ንባዕሉ ሰይጣን'ዩ። ካልኣይ መስተ ኣይትስተ፡ መስተ ፌጋቶ ንፌጋቶ ክገብረካ'ዩ፡ መስተ ... ዝብሉ ሰባት ዝወራዘይሉ ዘለዉ ኩይኑ ስለዝስምዖ መሊሱ እዩ ዘናቕጾ።"

"እቲ ገንዘብና ጫሕ ኣቢልና ንሰትዮስ ንኻልኦት የሕሞም! ንሕና ንሓልፎ ዘለና ሕልፈት'ኳ ...።"

"ኣይምሰልካ፡ ሕስድና እዩ። ተሓጒስና ስለ ዝርእዩና ዓይኖም ደም መሊእዎም።"

"መስተ'ኮ ኣካል ባህልና እዩ። መስተ፡ ስዋ፡ ዘይብላ ውራይ ኣይውራይን'ያ። ኣይትርእየን እንዷኻ እዘን ኣንስታውትና ተኣኪነን ስዋ ክጸምቋ? ሓደ ሓረስታይ ኣብ ማሕረስ ውዒሉ ልዕሊ ማይ ስዋ ምስ ዝቕረበሉ ዘይኩነን ድኻሙ ዝዘርዘረሉ? ብዛዕባ ዳጋ ኸኣ ልዕለይ ንስኻ ትፈልጦ፣ ምስዚ ናይ ባርካ ተመኩሮኻ።"

"እመነኒ! እዚ ኣብ እንዳ ባራት ምስ ብዓል ከማኻ ቀለም-ቀመሳት ነልዕሎ ኣርእስታት፡ ኣብ መጽሓፍቲ ኣይትረኽቦን ኢኻ፣ ኣብ ዩኒቨርስታት እውን ዛቱ ... ይንዕቅዎ ግዲ ኰይኖም መጽናዕቲ ገለ ንሃእየን!"

***

"ሙሳ ዓርክና ኣብ ባር ምስ ኣተወ ስሙ ናብ ሙሴ ትቕየር።"

"እንታይ'ሞ ጸገም ኣለዎ? ሙሴን ሙሳን ኵሉ ሓደ እንድዩ?"

"ንሱ'ውን ጸገም ስለዘይብሉ'ኳ'ዩ ናብ ሙሴ ዝቕይሮ።"

***

"ምሁራት ጭኑቓት ስለዝኾኑ ናብ እንዳ መስተ እዮም ዝጐዩ።"

"ኖኖ ተጋጊኻ። ከምዚ ከማኻ ደናቑር እምበር ብመጽሓፍቲ ክዘናግዑ ስለ ዘይክእሉ ናብ እንዳ መስተ ዘብዘብ ትኸውን ሓዳሮም።"

"መቸም እቲ ብስለት ስለ ዝውሕደኩም ድዩ እቲ ናይ ህይወት ተመኲሮ ስለ ዘየለ ኣይርደኣንን ... እዞም ቀልም-ቀመሳት ኢና በሃልቲ ኵሉ ብዛዕባኹም ጌርኩም ኢኹም ትቔጽርዎ።"

***

"የይ! ሕሳብ ክንደይ?"

"ንሓንቲ ቢራ 30 ናቕፋ እንድዩ፡ ጠቕላላ 400 ናቕፋ ክትህቡኒ ኢኹም።"

"እንታይ ሰላስኡ! እንታይ 400 ናቕፋ! ነቲ ዋና ጸውዓዮ'ስከ?"

ዲጆይ ይመጽእ። "ኖኖ ንስኻ ደኣ መሲኪናይ ዲጆይ እንዲኻ፣ ነቲ ዋና ደኣ ጸውዕዎ።" ኣብ ገለ ባራት እቶም ዲጆይ ምስ ኣሳሰይቲ ልዑል ምትእስሳር ይጸንሖም ስለ ዝኾኑ እዩ ጅዲጆይ ዝተጸውዐ።

ዋና፤ "ከመይ ኣምሲኹም?"

"ዋጋ ቢራ ከቢሩ፣ ክንደይ ድዩ?"

"ካብ ካልእ ብኽቡር እንዷና ንዕድጎ ኼንና...።"

"ካብ ካልእ ብኽቡር መን ግዝኣዮ ኢሉካ? ንሕና በታ ሕጋዊት ዋጋኣ ኢና ንሸይጥ። ደሓር ናይ ቢራ ነገር ኵላ ኢና ንፈልጣ። ዋዛ ከይመስለካ፡ ኣብኡ ዝሰርሑ ሰባት ስለ ዘለዉና ካብ ገዝኡ ኣትሒዝና ኢና ንከታተሎ።"

"ንዓና'ውን ኣብኡ ዝሰርሑ ኣሕዋት ኣለዉና።"

"ንሕና'ኮ ዓማዊል፡ ደቂ ገዛ ኢና ሰዓረ?"

"እፈልጥ፡ ኣነ ውን'ኮ ዓማዊል ኢለ እየ ኣኽቢረልኩም። ተሓሲብኩሞ ኸ፡ ንዘይፈልጦ ሰብ ከመይ'ለ ብሰላሳ ኽሸጠሉ?"

***

"ኣታ ኣገልጋሊ ናይ'ቶም ብፈተውቶም ዝጅምሩ! ሙዚቃ እስከ ድምጺ ወስኽሉ! ንሕና'ኳ ክንዛናጋዕ ኢና መጺእና።" ከምዚ ዓይነት ናይ ንዕቀት ቃና ዘለዎ ዘረባ ዝሰማዕ፡ ሓደ ሰታይ ኣብ እንዳ መስተ ምስ ኣተወ ጥራይ፡ ኣብ ልዕሊ ነብሱ ዘለዎ ኣረኣእያ ኣዝዩ ይጋነን ስለዝኾነ እዩ - ብኻልእ ከይመስለኩም። ኣብ ገለ እዋናት ድማ ስትይ ዝምሰየ ሰብ ኣብ ምኽፋል ምስ በጽሐ፡ ዓጽ-ዓጽ ኢሉ ንዘይዕግቡነቱ ብግርጭት ክገልጾ ምእንቲ፡ ንነገር (ኣብ ኔው ከላ) በቲ ኾልታፍ ልሳኑ ይጽውዓ።

ሓደ ኣሳሳዪ፡ ብኻልእ መንጽር፡ ኣብ ልዕሊ ነብሱ ልዑል ነብሰ-ኽብሪ ስለ ዘሕድርን ኣብ ስራሕ ዝለዓለ ኣረኣእያ ስለ ዝጸንሖን፡ በዚ ብድዐ ዝመልኦ (ነገር ዝጽውዕ ኣዘራርባ) ከይተዳህለ ዝምልሶ እንተ'ልዩ፤ "እዚ ገዛ እንዳ ዓበይቲ ሰባት ስለዝኾነ ድምጺ ሙዚቃ ዓው ምባል ኣይፍቀድን'ዩ።"

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ሓደ ስጉሚ ዝያዳ ምስጓም

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዘሐጒሳን ዘሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸለኦምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባት ከም ዝውቅብ ገይራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዓባያ ዝመሃረታ መንእሰይ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ክህሉ ኣመና ድልየት ነበራ። በዚ ኸኣ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ኣብቲ ከተማ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ መጽሔት ሓንቲ ዘዓንበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቑመትን ንጕድን ጽቡቕ እትዓቢ ክሳብ 2 ሜትሮ ትበጽሕ ነበረት። ዕምባባታታ ክቕልዑ እንከለው ዘሎዎም ግርማ ማድርግቲ ኣይነበሮን። ከምቲ ዘበለ ዕምባባ ርእያ ስለዘይትፈልጥ ኣብ ገዛኣ ክትህሉ ደለየት። ብዝከኣላ ገይራ ከተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ርኸበታ'ሞ ብድሕሪ ገዛኦም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ካንሸሎ ነጸላ መንደቐም ብምጽጋዕ፡ ቦታ ኣለማሊማ ቀንያ ተኸለታ። ሕልፌ ካልእ ኣታኽልታ ድማ ተኸናኸነታ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቅልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጕላዕሊዑ ጨናፍራን ጕንዳን ከም ዘይርአ ኰነት። ገና ዕምባባታት ከይወጽኣት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት። እዛ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኰስኲሳታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምኻና ነገረታን፣ እንተኾነ ዕምባባታት ናይ ምውጻእ



ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ሰሙናት ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቈር በላ። ንዓኣ ቈሪጻ ካልእ ተኽሊ ክትትክል'ውን ሓሳብ መጽኣ።

ኣብቲ ጎሮቤት ዘላ ካልእ መንእሰይ በቲ ኳና ተቐልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፋ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት እታ ጎሮቤት ግን ኣይሓደገታን።

"ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡" በለታ ጎሮቤት።

"ናይ ምንታይ?" መለሰት መንእሰይ።

"ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ ክንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ዕምበባ ኣብዚ ናትኪ ኩነ ካልእ ርእየ ኣይፈልጥን። ማራ'ያ እተድንቐኒ፡" ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን። እናጕየየት ናብቲ ሓደ ካንሸሎ ምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቲኡዋን ረኣየት። እታ ተኽሊ ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ። ናይቲ ንስኻ እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት ንዓኻ ስለ ዘይተራእየካ ኣየፍረኻን ማለት ኣይኩነን።

Author: Randy Reynolds

***

## ሓንቲ ቆርሺ ንሓንቲ ጥውዮ

ሓደ ብዓል ኢንዳስትሪ ሰብኣይ ሓንቲ ማሽን ምስ ተበላሸወቶ፡ ንሓደ ዓራያይ ጸውዖ። እቲ ክኢላ እቲ እትወሰደሉ ሃልኪን ጕልበትን ምስ ገመተ፡ 10,000 ቅርሺ ውዕለቱ ክኸፈሎ ይኽእል እንተ ኾይኑ ሓተተ። እቲ ብዓል ትካል በቲ ሰልዲ ሰንበደ። ክንዲኡ ክኸፍሎ ድልየት ከም ዘይብሉ ነገሮ።

እቲ ጥበበኛ ክኢላ፡ "እሞ ንሓንቲ ዝጠውያ ቢተ ዶ ሓንቲ ቅርሺ ትኽፍለኒ?" በሎ። እቲ ብዓል ትካል ተሰማመዐ። እቲ ክኢላ ግን 9,999 ግዜ ቢተ ክጠዊ ምኻኑስ ተገንዚቡዎ ነበረ።

Author: Oliver Burkeman in "The Guardian Weekend", 13 August 2011

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

"TSEGAZAB KIFLEMARIAM GEBREYOWHANNES ምባል ተሪፉ፡ ብመሰረት ኣብ ሓደሽ ኤረትራዊ ቁጽሪ መንነት ሰፊሩ ዘሎ ቅንዕ ኣጻሓሕፋ ፊደላት ቃላት TSEGAZEAB KIFLEMARYAM GEBREYOHANES" ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኣውሒ

ወ/ሮ ለተንስኤ ሃብተናስ ጸጋይ፡ በዓል ቤተይ ልኡል ሃሊቃ ክፍለ ኣርኣያ ስለ ዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ-ቐይሕ

ወ/ሮ ሳምራዊት ጸጋይ ወልደስላሴ፡ ስም ናይ ትሕቲ ዕድመ ወደይ ኣፈወርቂ ሳሚኤል መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ዮዳሄ ሳምኤል መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑስማን መሓመድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን መሓመድእድሪስ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እስናኤል ተስፋማርያም ዘርኣይ ምባል ተሪፉናትናኤል ተስፋማርያም ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራትን ኩባንያታትን ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብሞዛየክ መለከፊታትን እተገልግሉ ወሃንቲ ሚዛናት፡ ምስ ከሎታት፡ ሊትሮታትን ሜትሮታትን ኣውቶማቲክ ሚዛናትን ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ ድሕሪ ሲነማ ሮማ ጎረቤት ኤምባሲ ጥልያን ኣቕሪብኩም ንኸተመርምሩ ብትሕትና እናሓበርና፡ ኣብ ግዜኡ ኣቕሪብኩም ዘየመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምዃንና ብዘተሓሳሰብ ንሕብር፡፡

ትካል ደረጃታት ኤርትራ

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ ስጋ)
ዓይነት፡ (ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ)
ኣርእስቲ ውዕሊ፡ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፡ (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንዓመት (2024) ካብ ወርሒ 1/1/2024 ክሳብ ወርሒ 31/12/2024 ንተመሃሮ ዘውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡
1. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ስጋን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት (2019) ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት (2022) ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማ.ስ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ወይ ድማ ብቑፅሪ 08371388 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ንዕለት 2/10/2023 ሰዓት 4:00 ድ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደለዩ ሰባትን ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ እተረኽብሉ ኣብ (ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማ.ስ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ) ንጽባሒቱ ዕለት 2/10/2023 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (cpo) 200 ሽሕ ንኣሕምልቲ 100 ሽሕ ድማ ንስጋ ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. (ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ) ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ እተሓለወ እዩ፡፡

(ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ)
ኣስመራ-ኤርትራ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ቁ.ኣፊስ 304/308
07311099/08371388

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመማትን ጨውን) ቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት ዊና ናቕፋ፡ ኣርእስቲ ውዕሊ፡ ውዕሊ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት ዊና ናቕፋ ንዓመት ትምህርቲ 2024 ዘውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡
1. ቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት ዊና ናቕፋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመማትን ጨውን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ኣስመራ ቁ/ቴሌፎን 123749 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ክሳብ ዕለት 5/10/23 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደለዩ ሰባት፡ ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት -ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ኣስመራ ዕለት 5/10/23 ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ (Bid security) (cpo) 50.000.00 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብምሉኡ ወይ ብኸፊሉ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቴሌ. 123749

---



## ምስጋና

ብምኽንያት ሞት ክብርቲ ኣዴና ወይዘሮ ስላስ ኣርኣያ ኖማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሆስፒታልን ገዛን ብምምልላስ ዝበጻሕኩማን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ዓዲሎጎ ን/ዞባ ደባርዋ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ ሃገር ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

ስድራቤት ኣፍሰዉር
ኣቶ ገብረኣብ ተስፋዝጊ (ሻይብ)

---



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣምለሰት ገብረእግዚኣብሔር ነጋሲ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ኣደግና ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ዝተሓዘንኩምናን ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ብኣካልን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና እናቕረብና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

በዓልቤታ ግደ ዑቕባሚከኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



## ምስጋና

ብሞት ኣመና ዘፍቅርናን ዘኽብርናን ክቡር በዓል ቤተይ ዶ/ር ክብርኣብ ፍረ ሙብራህቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ናብ ኣመሪካ ቴሌፎን ብምድዋልን ብኢመይልን ኩነታት ጥዕንኡ ዝተኸታተልኩምን ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ሬሳ ዝተቐበልኩምን ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ተረኺብኩም ዘቃበርኩምናን ናብ ቤትና ብምምልላስን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኣቕሽሽትን ቤተሰብን መቕርብን ፈተውትን የቐንየልና ዓጸምኹም ትኽበር ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ሰስተር ኣልጋሽ ኣድሓኖም
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ እንፍቅሮ ኣቦናን ሓውናን ኣቶ ተኸለ ጳውሎስ ተስፋማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚርኩም ዝበጻሕኩምን ኣብ ፍትሓትን ምፍናው ሬሳን ዝተሓበርኩምን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራን ቤ/ክ ቅ/ማርያምን ሚላኖ፣ ኣብ መካነ መቓብር ቅ/ሚካኤል ቤት መኻእ ዘቃበርኩምናን ናብ ገዛ ብምምልላስን ብቴሌፎንን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ደቁ ሰላማዊት ተኸለ (ኢለና)፡ ሳሙኤል ተኸለ
ኣሕዋቱ፡ ብስራት ጳውሎስ፡ ታደሰ ጳውሎስ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Dozer Operator
Number required – (04)
Type of contract – Indefinite
Major Duties and responsibilities.
• Control waste dump materials
• Control waste dump levels
• Construct road ways and ramps
Safety
• Operate the machine in a safe manner
• Pre check before operating
• Operate according mine operating procedures
Reporting
• To the production Supervisor
Develop Standards
• Ensure training complies with local and international standards.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Secondary schooling
• Able to read and write

Working Experience – Nature & Length

• Mining experience in the sense of ripping and dozing
• Six months and longer dozer experience on a mine
• Roadway and ramp construction
• Loading pad clean up

Technical Skills

• Able to identify any problem that will be a safety risk to machine and operator.
• Able to identify and report damage to machine
• Able to read and understand the display panel in the cab

Behavioral Skills

• Communication - Local (English will be an advantage)
• Safety leadership by example
• Good Interpersonal skills
• Commitment to deliver on agreed targets
• Physical condition to climb heights

Dump Track Operator
Number required – (16)
Type of contract – Indefinite
Major Duties and responsibilities.

Load and Haul ore and waste to the designated areas as instructed.
Safety
• To adhere to the Load & Haul traffic management rules
• Do proper pre- check on Truck and report any problems
• Report any dangers observed during operation
Reporting
• Report to mining supervisor

Develop Standards
• Ensure training complies with local and international standards.
Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Must have a license for a local truck
• Able to read and write
Working Experience – Nature & Length
• Mining experience in the sense of Load & Haul
• Six months and longer driving experience on mine trucks
Technical Skills
• Able to identify any problem that will be a safety risk to machine and operator.
• Understand pre – check before start up
• Able to identify and report damage to machine
• Able to read and understand the display panel in the cab
Behavioral Skills
• Communication - Local (English will be an advantage)
• Safety leadership by example
• Good Interpersonal skills
• Commitment to deliver on agreed targets
• Physical condition to climb heights

General Information and other requirements:

. Place of Work: AMSC Sites
. Type of contract: Indefinite Period
. Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

.Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
. Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሓሬና ኣይተኻእለትን

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ብቐደሚ ትማሊ ብኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝቐጸለ፡ ጋንታታት ሓሬናን ብደሆን ብበሪሕ ተዓዊተን።

ኣንጻር ማዞኖእ በረር ዝተጻወተት ሓሬና፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ ጸቡቕ ኲዕሶ ናይ ምቁጽጻርን ምቕባልን ብቕዓት ብምርኣይ፡ ናብ ዕረፍቲ 2ብ0 መሪሓ ወጺኣ።



ፍትሓዊት ተወልደ ከኣ፡ ንኽልቲአን ሸቶታት ኣመዝጊባተን።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ተጻወትቲ በረር ዝሓሸ ምንቅስቓስ እኳ እንተኣርኣያ፡ ንሓሬና ግና፡ ኣብ መበል 62 ደቒቕ ሳልሰይቲ ሸቶ (ብመገዲ ኣዝ. ሰለሙን) ካብ ምምዝጋብ ኣይዓገተታን። ድሕሪ ሸዱሽተ ደቓይቕ ከኣ በረር፡ ብመንገዲ ፍትሓዊት ማጆር፡ ተሰፋ እተሰነቓ ሸቶ ኣመዝገበት። ይኹን'ምበር፡ ሓሬና፡ ድሕሪ ወሰናት ደቓይቕ ካብ ሓጀር በሻር ወጺኢት እተዕርግ ሸቶ ብምምዝጋብ 4ብ1 ተዓዊታ። ሓጀር በሻር ደማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።

ቀጺለን ብደሆን ክንፌን እየን ተጻዊተን። ጸወታ 13 ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተሳዕለ፡ ክንፌ፡ ካብ ቅሳነት ሃደለ መሪሕነት እተትሕዞ ሸቶ ረኺባ፡ ንዝተመዝገበ ሸቶ ንምሕዋይ ዝተጓየየት ብደሆ፡ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ንዝረኸበቶ ፍጹም ቅላዕ ተጠቒማ ናብ ዕረፍቲ 1ብ1 ወጺኣ። ኣመዝጋቢት ናይ'ዛ ፍጹም ቅላዕ፡ ዳናይት ፍስሃየ ነይራ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ቀዲማ ሸቶ ዘመዝገበት ብደሆ ነይራ። ኣብ መበል 70 ደቒቕ ካብ የርዳኖስ ሃደለ መሪሕነት እተትሕዛ ሸቶ ዝረኸበት ብደሆ፡ ኣብ መበል 86 ደቒቕ ብፍጹም ቅላዕ ደጊማ ዳናይት ፍስሃየ፡ ከም'ኡ'ውን ድሕሪ ክልተ ደቓይቕ ራብዐይቲ ሸቶ ኣመዝጊባ - ብዝመሳሰሊ ከም'ታ ኣቐዲማ ዝተኻየደት ጸወታ 4ብ1 ተዓዊታ። ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበት ዳናይት ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ምጸዋዓ፡ ጽብጻብ ናይ'ቲ ውድድር ይሕብር።

## ነይማር . . .

ሓዳሽ ተጻዋታይ ኣልሂላል ዝኾነ ነይማር ጁኒየር፡ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ደርሆ ካብ ሊግ 1 ፈረንሳ ዝሓየለ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

ኣብ'ዛ ክለባት ስዑዲ ዓረብ 700 ሚልዮን ፓውንድ ዘውጽኣላ ክረምቲ፡ እዚ ብራዚላዊ፡ ብ77.5 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ናብ ስዑዲ ዓረብ ኣምሪሑ። "ድሕሪ'ቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ተጻወትቲ ዝተሰጋገሩ፡ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ካብ ናይ ፈረንሳ እንተሓየለ ኣይገርመንን እዩ።" ደማ ይብል እዚ ምስ ሃገሩ ተጠርኒፉ ዘሎ ብሉጽ ተጻዋታይ።

ህቡባት ተጻወትቲ ኣብ ምፍራም ተጻሚዶ ዝጸንሐ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ማዕቶት ምስግጋሩ ከምዝዖጸወ ይፍለጥ - ድሕሪ ሸዱሽተ መዓልታት ናይ ሓሙሽተ



ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ። እዚ ከኣ ንክለባት ኤውሮጳ ድቃስ ከሊኡወን እዩ ጸኒሑ። ዝተፈላለዩ ኣሰልጠንቲ ፕሪመር ሊግ እውን፡ ብዝዕባዚ ጉዳይ ዘለዎም ተቓውሞ ከስምዑ እዮም ቀንዮም።

## "ሃላንድ፡ ንባሎን ዲ'ኦር እንተዘይተዓዊቱላ ሕቶኡ ክህባ ኣለዎ" ቡርለይ

ኣብ መደበር ተለቪዥን ኢ.ኤስ.ፒ.ኤን ከም ጋዜጠኛ ኮይኑ ዝሰርሕ ክሬግ ቡርለይ፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ፡ ኣብ'ዛ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ብመሲ እንተ ደኣ ተበሊጹ፡ ድሕሪ ደገም ናብ ጽምብል እዛ ሽልማት ክመጽእ ከምዘይብሉ ተዛሪቡ።

መሲን ሃላንድን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝወጸ ሓጺር ዝርዝር 30 ሕጹያት ተጻወትቲ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ከምዝተኻተቱ ይፍለጥ። መሲ፡ ወላ'ኳ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፒኤስጂ ሕማቕ ግዜ እንተኣሕለፈ፡ ዋንጫ ዓለም 2022 ብምልዓሉ ግና፡ ነዛ ሽልማት ንሻሙናይ ግዜኡ ክዕወተላ ከምዝኽእል ይግመት።





ብመንጽሩ ሃላንድ፡ እቲ ቀንዲ መወዳደርቱ ኮይኑ ቀሪቡ ምህላዉ ይእመት። ማን ሲቲ፡ ዝሓለፈ ዓመት ስሉሳዊ ዓወት - ዋንጫ ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍኤ ካፕን ሻምፕዮንስ ሊግን ኣብ ዝዕተረትሉ፡ ሃላንድ፡ 52 ሸቶታት ብምቑጻር ዓንተር ኮይኑ እዩ ወጺኡ። ደርሆ ብሉጽ ተጻዋታይ ኤውሮጳ 2023 ተጸዊዑ ዘሎ እዚ ኖርዌጃዊ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ነዛ ሽልማት ክዕትራ'ውን ብጠለ ወገናት ትጽቢት ይግበረሉ እዩ።

"ሃላንድ እንተ ደኣ ዘይተዓዊቱላ፡ ዚ ሽልማት ኣቋርጹዋ።" ዝበለ ቡርለይ ደማ፡ "ብልክዕ መሲ፡ ዋንጫ ዓለም ምልዓሉ ዓቢ ዓወት እዩ። እንተኾነ፡ ዋንጫ ዓለም ናይ ኣርባዕተ ሳምንቲ ውድድር እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ሊግ ዝበርዩ ኣቃውማ ጸቡቕ ኣይነበረን።" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ሃላንድ ግና፡ ልዕሊ 50 ሸቶታት ኣመዝጊቡ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍኤ ካፕን ሻምፕዮንስ ሊግን ተዓዊቱ። ስለ'ዚ፡ ሃላንድ ክዕወተላ ኣለዎ። 'ባምቢላ' ዝኾኑ ብዙሓት ጋዜጠኛታት ድምጾም ንመሲ ክህቡ ምኽንያም እፈልጥ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ዝወሓለ ግዜ ኩሉ ነገር ዝተዓወተ ሃላንድ እዩ - እቲ ዝዓበየ ተጻዋቲ ኣብዚ ሽልማት። ብዘኾነ፡ ኣነ ሃላንድ እንተዘኸውን ነይረ (ሃላንድ ነዛ ሽልማት እንተዘይተዓዊቱላ) ብፍጹም ንኻልኣይ ግዜ ናብ'ዛ ሽልማት ኣይምተመለስኩን፤ ልክዕ ከም ናይ ለዋንዶውስኪ።" ክብል፡ ሃላንድ ጹበለል ክብል ይጽበ ምህላዉ ሓቢሩ።

ካብዞን ተበሃሂሉ ናይ ውልቂ ሽልማት ዝኾነት ባሎን ዲ'ኦር፡ ኣብ ማስርሕ ሕርያን ምዕዳልን ወትሩ ምስ ኣካትዕት እያ። ኣብ'ዛ ሮናልዶ ድሕሪ 20 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ምስ 30 ሕጹያት ዘይተመርጸላ ዓመት ከኣ፡ ብኢጋኡ ዘይዓገቡ ወገናት ክህልዉ ምኽኣኖም ይእመት። እዛ ሽልማት፡ ዝመጽእ ወርሒ - ጥቅምቲ 30 ኣብ ፓሪስ ክትዕደል እያ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ብናይ ቀድም ጓል-ኣንስተይቲ ዓርኩ ተኸሲሱ ዘሎ ኣንቶኒ፡ ሕጂ ኸኣ፡ ተወሳኺ ክሲ ክገጥሞ ምኻኑ ይግለጽ ኣሎ።


ኢ.ንግሪድ ላና ዝተባህለት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2022 ኣብ ማንቸስተር ኣብ ዝርከብ ገዛ እዚ ብራዚላዊ መጥቃዕቲ ከምዝወረዳ እያ ገሊጻ። እዛ ጓል 33 ዓመት መንእሰይ፡ "ንሱ ምሳይ ክራኸብ ደልዩ ኣነ ግና ኣይደለኹን። በዚ ኸኣ፡ ናብ መንደቕ ደፊኡኒን ርእሰይ ሃሪሙኒን" ክትብል እያ፡ ኣብ'ታ ተቘንጪላ ዝተዘርግሐት ሓጺር ቪድዮ ገሊጻ። እዛ ቪድዮ፡ ኣብዘን ዝሰዓባ መዓልታት ምሉእ ትሕዝቶኣ ክፍና ምኻኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣቐዲሙ በታ ካሻሊን ዝተባህለት ናይ ቀድም ዓርኩ ብዝተፈላለዩ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ተኸሲሱ ዘሎ ኣንቶኒ፡ ዛጊት ብዛዕባ'ዛ ዳሕረወይቲ ጉዳይ መግለጺ ኣይሃበን ዘሎ። ነታ ናይ ካሻሊን ክሲ ግና፡ ከምዘይወዓሎ ክልተ ግዜ ብዘውጽኦ መግለጺ ነጺግዎ እዩ።

* ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ዎት ወገርስት፡ "ዋንጫ ዓለም 2022 ንመሲ ብዝጥዕም እያ ተሰሪዓ" ንእትብል ዘረባ ሉዊስ ቫን ጋል ርእይቶኡ ሂቡ።

ዝሓለፈ ዓመት ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ምስ ማን ዩናይትድ ዝተጻወተ ወገርስት፡ "እንታይ ዝበለ ድንቂ፡ ግልጺን ፍቱውን ሰብኣይ።" ክብል እዩ ምስ ሓሳብ እዚ ናይ ቀድም ዓላሚኡ ከምዘይሰማማዕ ዘረድአ ቃላት ዘዘበ።

ብመንጽሩ፡ ቫን ጋል ርእይቶኡ ድሕሪ ምሃቡ፡ ኣቐዲሞም - ከም ቨርጂል ቫን ዳይክን ናይ ሕጂ ዓላሚ ሆላንድ ሮናልድ ኮማንን ከምዘይሰማምዑ ገሊጾም ነይሮም እዮም። ሆላንድን ኣርጀንቲናን፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣብ ርብዒ ፍጻመ ከምዝተራኸባን ኣርጀንቲና ብፍጹም ቅላዕ ከምዝሓለፈትን ይዝከር። ኣብ'ዛ ጸወታ'ውን፡ መሲን ወገርስትን ተጐራፊጦም ምንባሮም ይዝከር።







## ሞድሪች፡ ተራኡ ብምጉዳል ሕጉስ . . .

ጉዳም ኣኸፉፋሊ ሪያል ማድሪድ ሉካ ሞድሪች፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ተኸታተልቲ ሰለስተ ናይ ሊግ ግጥማት ተቐያሪ ኮይኑ ምጅማሩን ኣብ'ዛ ጋንታ ዝነበሮ ሰሩዕ ናይ ምጅማር ተራ ምጉዳሉን "ዝበረም/ዘይፈልጦ ስምዒት" ከምዝፈጠረሉ ተኣሚኑ።

ሎሚ ቀዳም፡ 38 ዓመት ዝመልእ እዚ ምኩር ኣኸፉፋሊ፡ ዝሓለፈ ሰሙን - ማለት ኣብ ራብዐይቲን ንጌታፌ 2ብ1 ዝሰዓረላ ናይ ሊግ ግጥምን እዩ ምስ ቀዳሞት 11 ተጻወትቲ ተሰሊፉ። ቦታኡ ንምምላስ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ ዝገለጸ እዚ ክሮኤሽያዊ፡ ካብ ቀዋሚ ተራ ዘለዎ ተጻዋታይ ናብ ውሑድ ተራ ዘለዎ ተጻዋታይ ናይ ምስግጋር ማስርሕ'ውን ክለምዶ ከምዘለዎ የረድአ።

"ዝኾነ ዘይተሰለፈ/ዘይተጻወተ ኣይሕጎስን እዩ። ኣነ ኸኣ ድሕሪ'ዚ ዘሕለፍክዎ ናይ ጸወታ ግዜ ፍሉይ ነገር ተሰሚዑኒ። እንተኾነ፡ እቲ ውሳነ ናይ ኣሰልጣኒ - ኣንቸሎቲ እዩ። ናቱ ምኽንያት ኣለዎ። እቲ እንኮ ኣብ'ዛ ጋንታ ክጸንሓሉ ዝኽእል ምርጫ፡ ብናይ ዝሓለፈ ብቕዓት ዘይኮነ ተወዳዳሪ ብምኻን እዩ። ኩሉ ነገር ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ቦታኡ ንኽምለስ ከኣ፡ ኣበርቲዐ ክሰርሕ ከምዘሎኒ ፈሊጠ ኣለኹ።" ይብል ዕወት ባሎን ዲ'ኦር 2018 ሉካ ሞድሪች።

ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ'ዚ እዋን ብመንእሰያትን ብሉጽ ብቕዓት ዘለዎምን ተጻወትቲ ከም - ሮድሪጎ፡ ቪንሲየስ፡ ቹመኒ፡ ካማቪንጋ፡ ቫልቨርደን በሊንግሃምን ተጻወትቲ



ዳግማይ ክትህንጽ ከምዝለዋ ይግለጽ። ሞድሪች ከኣ፡ ምስ'ቲ ቀንዲ መላፍንቱ ዝኾነ ክሩስ ካብዞም መንእሰያት ተጻወትቲ ብፍላይ ካብቶም ኣብ ማስመር ምክፍፋል ዝጻወቱ ከበድ ብደሆ ክገጥሞም ምኻኑ ይትንተን።

ሉካ፡ ብዛዕባዚ ገጢምዎ ዘሎ ተወዳዳርነት ክዛረብ እንከሎ፡ "እዞም መንእሰያት ልዑል ብቕዓት ዘለዎም ተጻወትቲ እዮም። ስለዝኾነ ከኣ እዮም፡ ኣብ ሪያል ዘለው። ንሕና እዞም ጉዳይም፡ ንኽዕብዩ/ክሰጉሙ ክንሕግዞም ቀስ ብቐስ ኣብ'ቲ እዛ ጋንታ እትደልዮ እዋን/ደረጃ ናይ ምጅማር ተራ ክንወስድን ድማ ኣለና።" ኢሉ።

ማድሪድ፡ ኣህጉራዊ ግጥማት ድሕሪ ምውዳኡ፡ 17 መስከረም ኣንጻር ሪያል ሶሲዳድ ክትጻወት እያ - ኣብ ሜዳኣ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል

ማውንቴን ባይክን ዳ ኮርሳን ኣብ ከበቢ 5ይ መደበር ፖሊስ

መጻረዩ ግጥማት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024

ዩክረይን - እንግሊዝ 7:00 ምሸት

ኢስቶኒያ - ሽወደን 7:00 ምሸት

ሰሜን መቄዶኒያ - ኢጣልያ 9:45 ምሸት

### ቅንጥብጣብ

* ናይ ቀድም ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ራውል ጎንዛለዝ፡ ኣሰልጣኒ ቪያሪያል ንምኻን ምስ'ዛ ክለብ ይዘራረብ ምህላዉ ተቓሊሑ።

ኣብ'ዚ እዋን ንናይ መንእሰያት/ካልኣይቲ ጋንታ ሪያል ማድሪድ ዝዕልም ዘሎ ራውል፡ ምስ ቪያሪያል ክዘራረበን ዓላሚኣ ክኸውንን ቀጠልያ መብራህቲ ከምዝተወልዓሉ ይግለጽ። እዚ እስጳኛዊ፡ ኣብ'ዛ እዋን ኣደናቒ ስራሕ ይዓምም ብምህላዉ፡ ኣቐዲሙ ብክለባት ሊደስ፡ ኢንትራክ ፍራንክፈርት፡ ሻልከን እስጳኛልን ተገዲሱሉ ረኺቡ ነይሩ እዩ።

ቪያሪያል፡ ኣብ'ዛ ወቕቲ ካብ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ኣብ ሰለስተ ድሕሪ ምስዓሩ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ንኣሰልጣኒኣ ዝነበረ ኪኪ ሴቴን ከምዘብረረቶ ይፍለጥ።

* ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ዝወድአ ኒኮላስ ፐፐ፡ ምስ ሓዳሽ ጋንታኡ ቱርካዊት ትራብዞንስፖር ብቐዋሚ ክሳብ ሰነ 2024 ዘጸንሖ ውዕል ክፍርም ምኻኑ ተፈሊጡ።

* ኒውካስል፡ ንውዕል ወሲ ተጻዋታያ ብራዚላዊ ብሩኖ ግማሬሽ ከተናውሖ ተቓሪባ ኣላ። ዝሓለፈ ዓመት ናብ'ዛ ክለብ ዝተጸንበረ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣኸፉፋሊ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዘጸንሖ ውዕል ኣለዎ። ብዓበይቲ ክለባት ምጥማቱ፡ ዘቐሰና ኒውካስል ግና፡ ዝተናውሐ ዓመታት ክትግልገሉ ካብ ምድላይ እያ፡ ክሳብ መዓስ ምኻኑ ዛጊት ዘይተጸረ ሓዳሽ ውዕል ከተፈርሞ ተቓሪባ ምህላዋ ዝገለጽ ዘሎ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ማስመር ምክፍፋላ ዳግማይ እትሃንጽ ዘላ ሊቨርፑል፡ ንግማሬሽ ንምፍራም 100 ሚልዮን ፓውንድ ሓዛ ማዕጾ ኒውካስል ከምተኳሕኳሐትን ስሚዒ እንዚ ከምዝሰኣነትን ምንጪታት ሓቢሮም።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሰሜን ኮርያ ሓዳስ ሳብ-ማሪን ኣማዕቢላ

ሰሜን ኮርያ፡ ኑክለሰያዊ ሚሳይላት ክትውንጭፍ እትኽእል ሓዳስ መርከብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብማሪን) ከምዝማዕበለት ገሊጻ።



ኑታ 'ጅግና ከም የንግ ኡን" ተባሂላ ተሰምያ ዘላ ሳብማሪን፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስነስርዓት መሪሒ እታ ሃገር ከም የንግ ኡን ከምእተዓዘበ መንግስታዊ ኣገልግሎት ዜና እታ ሃገር ሓቢሩ።

ከም የንግ ኡን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምምዕባል እታ ሳብማሪን፡ ሰሜን ኮርያ ምዕቡል ሓይሊ ባሕሪ ካብ ዘውንና ሃገራት ዓለም ሓንቲ ክትከውን ክሕግዛ ምኻኑ ኣረዲኡ።

እታ ሳብማሪን ኣካል ናይቲ ሓይልታት'ታ ሃገር መሳለጥያታት ትሕተ-ባሕሪን ምድሪን ብምዕባይ ኑክለሰያዊ ኣጻዋር ንምዕጣቅ ዓሊሙ ዝስራሓሉ ዘሎ ስትራተጂያውን ታክቲካውን ወጥን ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስነስርዓት መሪሒ ... ምኻና ከም ወሲኹ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኑቶም ኣብቲ ፕሮጀክት ሳብማሪን ዝተሳተፉ ክኢላታት፡ ተመራመርትን ሰራሕተኛታትን ንኢዱ።

ብተወሳኺ፡ ሰሜን ኮርያ ብዚይካ'ታ ኑክለሰያዊ ቦምብ ክትጸውር ዓቕሚ ዘለዋ ሳብማሪን፡ ኑተን ኣቐዲመን ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሓ ሳብማሪናታ እውን ኣተሚካዊ ኣጻዋር ንኽፆጥቃ መደብ ከምዘለዋ እቲ መራሒ ኣሰሲሩ።

ሰሜን ኮርያ ነዛ ሓዳስ ሳብማሪን ዘማዕበለት፡ ኣመሪካ ኑክለሰያዊ ቦምብ ዝጸዓነት ሳብማሪን ኣብ ገምገም ባሕሪ ደቡብ ኮርያ ከተጸግዕ ምኻና ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

ኣመሪካ ምስ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ኣብ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ልምምድ ተጸሚዳ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሰሜን ኮርያን ዘሎ ወጥሪ እናበኣሰ ምምጽኡ እዩ ዝግለጽ።

## ኣብ ማሊ ብዝተፈጸመ ሸበራዊ መጥቃዕቲ፡ ልዕሊ 60 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ማሊ፡ ሓደ ሸበራዊ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ተሳፋሪት ጀዲና ዘበረት ጃልባን ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከርን ብዝኸፈቶ መጥቃዕቲ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ከምዝወረደ ተገሊጹ።

ኣብቲ መጥቃዕቲ 49 በርገሳውያንን 15 ወተሃደራትን ክቕተሉ እንከለዉ፡ 50 ዕጡቓት ናይቲ ጉጅለ ድማ ከምዝተቐትሉ ፖሊስ'ታ ሃገር ገሊጹ።




በዚ ድማ፡ ብኣሰሚ ኈይታ ዝምራሕ ግዚያዊ መንግስቲ ማሊ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝጸንሕ ሃገራዊ ሓዘን ኣዊጁ ኣሎ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣገልግሎት ዜና ኣይኤፍ.ፒ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ዕጡቕ ጉጅለ ሓላፍነት ወሲዱሉ ኣሎ።

ዞባ ሳሕል፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ምስ ኣልቃዒዳን ዳዕሽን ብዝተኣሳሰሩ ጉጅለታት ዝፍጸም መጥቃዕቲታት ወሰኽ ኣርእዩ ከምዝሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ማሊ ዝርአ ዘሎ ዘይምርግጋእ፡ ድሕሪ እቲ ኣብ 2012 ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ዝርከቡ ተቓወምቲ ዝፈጠርዎ ግጭት ክዛይድ ከምዝጀመረ ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመት ኣብ ማሊ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ዕልዋታት መንግስቲ ከምእተኻየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ኒጀር - ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ኒያመይ ናብ ኣጋደዝ ይግዕዝ

ኣመሪካ፡ ኑቶም ኣብ ርእሰ-ከተማ ኒጀር - ኒያመይ ዓስኪሮም ዘለዉ ወተሃደራታ ናብ ኣጋደዝ ዝተባህለት ካልእ ከተማ ተግዕዞም ከምዘላ ወተሃደራዊ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን ገሊጹ።

ቤት ጽሕፈት ምክልኻል'ታ ሃገር - ፔንታጎን ኣብ ዘርገሖ መግለጺ፡ "ንገለ ኣባላትናን ንብረትን ካብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኒያመይ ናብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣጋደዝ ከነግዕዞም ወሲንና ኣለና" ክብል ሓቢሩ።

ኣብ ከተማ ኒያመይ ንሓዳሽ ወተሃደራዊ መንግስቲ'ታ ሃገር ዝድግፍን ንፈረንሳን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን ዝቃወምን ቀጻሊ ሰልፊ ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ከተማ ኒያመይ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ጉድኣት ከይወርድ ስግኣት ከምዝሎ'የም ምንጮታት ዜና ዝተንበሁ።

ዛጊት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ኣመሪካ ዝተፈጸመ ዝኾነ መጥቃዕቲ ከምዘየለ ዘጸረ እቲ መግለጺ፡ እቲ ውሳነ ንዝያዳ ጥንቃቐ ከምእተወሰደ ኣረዲኡ።

እንተኾነ፡ ክንደይ ዝኣኽሉ ወተሃደራት ናብ ከተማ ኣጋደዝ ይግዕዙ ከምዘለዉ ዝገልጽ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይተዋህበን ዘሎ።

ኣመሪካ፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ ኒጀር ዝተፈጸመ ዕልዋ መንግስቲ፡ ኣብታ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣስታት 1100 ወተሃደራት ኣዋፊራ ምንባራ ይፍለጥ።

ኣመሪካ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብ ኒጀር ዝተፈጸመ ዕልዋ፡ ኑታ ሃገር ክትገብረላ ዝጸንሐት ሓገዛት ደው ከምዘበለቶ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣንጻር ምዕራባውያን ሓይልታት ዝግንፍል ዘሎ ጽልኢ፡ ንሃገራት ምዕራብ ከቢድ ብድሆ ኮይኑወን ከምዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

ውድብ ቁጠባ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ ኣብታ ሃገር ንዝተኻየደ ዕልዋ መንግስቲ ብምኽንያት ስቪላዊ ምሕደራ ንምምላስ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ምኻኑ እኳ ብተደጋጋሚ እንተሓበረ፡ ዝኾነ ማዕዘ ከስዕቡ ስለዝኽእል ካብ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ተቘጢቡ ከምዝሎ ተንተንቲ የረድኡ።



## ኣብ ሀ.ሪ.ቻይና ክብረ-ወሰን ዝሓዘ መጠን ዝናብ ተመዝጊቡ

ኣብ ቻይናዊት ዞባ - ሆንግ ኮንግ ኣብ ውሽጢ 140 ዓመታት እቲ ዝሓየለ ምኻኑ ዝተገልጸ ዝናብ ከምዝዘረመ ተገሊጹ።

ብቲ ብርቱዕ ዝናብ ኣብታ ብዝለዋ ጻዕቂ ህዝቢ እትፍለጥ ሆንግ ኮንግ፡ ከቢድ ዕልቕልቕ ተኸሲቱ ከምዝሎ ተሓቢሩ።

ብቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ እንከለዋ፡ ሰራሕተኛታት ድማ ስርሖም ደው ከብሉ ተገዲደም ከምዝለዉ ካብቲ ቦታ ዝተፈነወ ዜና ኣመልኪቱ።

ትካል ኩነታት ኣየር ሆንግ ኮንግ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ሓደ ሰዓት ጥራይ 158.1 ሚሊሜተር ዝናብ ከምዝዘነበ ዘመልክት። እዚ ድማ ድሕሪ 1884 ካብ እተራእየ መጠን ዝናብ እቲ ዝለዓለ ምኻኑ ኣረዲኡ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ጥቓ ሩባታት ዝነብሩ ዜጋታት ናብ ውሑስ ቦታታት ክግዕዙ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑ ሰብ መዚ ሆንግ-ኮንግ ኣተሓሳሲቦም።

እቲ ብርቱዕ ዝናብ፡ ብቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ሰሙንዚ ኣብ ኣውራጃ ፋጂያን ዝተራእየ ህቦብላ 'ሃይኩይ' ዝሰዓበ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ዝግመት።

ደቡባዊ ክፋል ቻይና ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብኽልተ ተኸታተልቲ ህቦብላታት - ሳኦላን ሃይኩይን ተጠቒዑ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ክሊማዊ ለውጢ ዘኸትሎ ዘሎ ተርእዮታት ትሮፒካዊ ህቦብላታት እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ዝጠቕሱ ክኢላታት ሜትሮሎጂ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ዓለም ሓያሎ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ማዕበላትን ይስዕብ ምህላዉ የረድኡ።



## ግሪኽ - ልዕሊ 800 ሰባት ካብ ሓደጋ ዕልቕልቕ ድሒኖም

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ መዓልታት ኣብ ግሪኽ ካብ ዘጋጠመ ዕልቕልቕ ልዕሊ 800 ሰባት ብህይወት ከምዝደሓኑ ሰበ ስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ህቦብላዊ ዝናብ ንጎረባብቲ ሃገራት ቡልጋርያን ቱርኪን እውን ከምዝጠቕዐ፡ ኣብ ሰለስቲኣን ሃገራት ድማ ብውሕዱ 16 ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ማእከል ሕርሻዊ ንጥፈታት እታ ሃገር ዝኾነት ዞባ ተሳሊያ ብኸቢድ ከምእተሃስየት ዝገለጸ ኣፈኛ መንግስቲ፡ ኣብ ቁጠባ ግሪኽ ከቢድ ቅልውላው ከየጋጥም ተሰኪኡ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

እቲ ንመዓልታት ዝጸንሐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት እታ ሃገር ልዕሊ ክልተ ሜትሮ ብራኸ ዘለዎ ዕልቕልቕ ብምፍጣሩ ኣብ ስርሒታት ምድሓን ህይወት ብድሆ እኳ እንተፈጠረ፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን እታ ሃገር ግን ሓያል ጻዕርታት የካይዱ ከምዘለዉ ተገሊጹ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 9/9/2023 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻወል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565